ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.42 | ሰንበት 18 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2 ዜና

ገጽ3 ካብ ልምድታት ኣህዛብ



ገጽ4 ኣከባብያዊ ጸልዋታት ንጥፈታት ምግፋፍ ሕድሪ



ገጽ 5 ታሪኽ ትግሊ ናቕርሲ ንወለዶና



ገጽ 7 ህወተታ ስርዓት ብልጽግና

# ኣብ ጋሽ-ባርካ፡ ንልዕሊ 1,600 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓባላ ዓይኒ ተኻዪዱ



ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ሞያዊ ዓቕሚ-ሰብን መሳርሒታትን ክጉብር ብዘጸንሐ ገዚፍ ወፍሪ፡ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ ን1,650 ዜጋታት ዕዉት መጥባሕቲ ሓበላ ዓይኒ ብኸጻ ተኻዪዱ።

እቲ ብምትሕብባር ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒን ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ጋሽ-ባርካን ኣብ ንኡስ ዞባታት ተሰነይ፡ ጎልጅን ኣቑርደትን ዝተኻየደ ዕዉት መጥባሕቲ፡ ኣቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕትን መርመራታትን ምርኩስ ብምግባር ዝተሰላሰለ'ዩ።

ጠርናፊ ናይ'ቲ ጉጅለ ሓኪይም - ክኢላ መጥባሕቲ ዶ/ር ኢዮብ በይን፡ ኣብ ሆስፒታል ኣቑርደት - ካብ ንኡስ ዞባታት ድጉ፡ መንሱራ፡ ሞጎሎን ኣቑርደትን ንዝመጹ ልዕሊ ክልተ ሽሕ ወገናት መርመራታት ከምእተገብረን ሕክምናዊ ኣገልግሎት ከምእተዋህበን ገሊጹ።

ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ዘለዎ ጸሓይን ደሮናን ዝዑብለሎ ክሊማ ናይ ዓይኒ ጸገማት ብብዝሒ ከምዝረኣዩ ብምጥቃስ፡ ናይ ዓይኒ ጸገም ዘጋጥሞም ዜጋታት ናብ ትካል ጥዕና ክኸዱን ብሰብ ሞያ ንዝተኣዘዘሎም መድሃኒት ዓይኒ ብግቡእ ክዘውተሩን ተላብዩ።

ዶ/ር ኢዮብ ኣስዒቡ፡ ኣመሓደርቲ ከባቢን ካልኦት መሻርኽቲ ኣካላትን ንዝገበሩሎም ምትሕብባር ሞጊሱ።

መጥባሕቲ ዝተኻየደሎም ወገናት ብወገኖም፡ ሳላ'ቲ ብቐረባ ዝረኸብዎ ኣገልግሎት፡ ካብ ሃልኪ ግዜን ገንዘብን ድሒኖም ብርሃን ዓይኖም ከምዝረኸቡ ሓቢሮም።

# ኣብ ዞባ ማእከል፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ተገምጊሙ

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ኣብ ኣካዳሚያዊ ዓመት 2025/2026 ዘገምገመ ርኽብ፡ ብ16 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ኣካዪዱ።

ሓላፊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ናይ'ቲ ጨንፈር መምህር መሰፍን ወልደስላሴ ኣብ ዘሰመዖ ቃል፡ ሃገራዊ መርመራ ንብቕዓት መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝመዝን ኣገዳሲ መደብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ እቲ ገምጋም - ትምህርቲ ብዓይነት ንምምሕያሽ ዝሕግዝ ጸዕርታት ንምዕዛዝ ተራ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ማእከል ሓላፊ ምክትታል ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ሳምሶን ኩብሮም ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ካብ 49 ኣብያተ-ትምህርቲ ብድምር 13,221 ተመሃሮ ክፍተኑ ከለዉ፡ ኣስታት 68 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 9,034 ከምዝሓለፉ፣ እዚ ድማ 68.4 ሚእታዊት ምዃኑ ብምሕባር፡ ምስ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ክሎ ጉድለት ከምዝርኣየ ኣብሪሁ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ምክትታል ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ መምህር ዲኒ መሓመድ ድማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ 535 ማእከላት 65,895 ተመሃሮ ከምእተፈተኑ፣ ካብዚኦም ድማ 17,684 ደቂኣንስትዮ ዝርከቦም ኣስታት 60 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ ኣብሪሁ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ትሑት ውጽኢት ንምፍዋስ ስሉሳዊ ርክብ ተመሃሮ፡ ወለድን መምህራንን ክሕይል፣ ዝዳሎ ሕቶታት ንብቕዓት ተመሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን፣ ኣብ ምም'ላስ ጥርዓን ተመሃሮ ዝነበረ ምድንጓያት ክእረም፣ ከምኡ'ውን ንውጽኢት ሃገራዊ መርመራ ዝጸሉ ብድሆታት ብግቡእ ተጸኒዑ ፍታሕ ክናደየሉ ተላብዮም።



ሰኣሊ ርቢሌ መረሰሰ



**ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዝርከቡ ኤርትራውያን፡ ኣብ ህልው ኩነታት ኣተኩሮም ኣብ መድረኻት ማሕበራዊ ሚድያታት እዋናዊ ጽሑፋት ይልጥፉ ኣለዉ። እዚ ስዒቡ ዝቐርብ፡ ካብ ማሕበራዊ መራኸቢ ER MEDIA ዝተወሰደ'ዩ።**

## መግለጺ መንግስቲ ኣመሪካን ኣመታቱን

"ኩለን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ናይ ሓድሕደን ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ክኽብራ ኣለወን" ኢሉ መንግስቲ ኣመሪካ ብረቡዕ 14 ጥቅምቲ ኣብ ዘዘርግሖ መግለጺ።

ክንዮ'ዚ፡ ኣመሪካ መሰረት ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ እቲ ኣብ 2018 ዝተፈረመ ስምምዕ ሰላም ክልቲአን ሃገራት ክኸውን ከምዝለዎ ኣነጺራ።

እዚ ስምምዕ'ዚ፡ ኢትዮጵያ ኑቲ ናይ 1998-2000 ኩናት ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ንዘዕረፈ ስምምዕ ኣልጀርስ፡ ከም ትቕበሎ ምስ ኣረጋገጸት ዝተፈረመ ኩይኑ፣ ኣብ ሓደ ካብ ኣገደስቲ ዓንቀጻቱ፡ ክልቲአን ሃገራት ናይ ሓድሕደን ናጽነት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ከም ዝተቐበላን ከም ዘኽብራን ይገልጽ።

ሚዛን ዘወሃቦ መግለጺ ኣመሪካ፡ ኑቲ ስርዓት ብልጽግና ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት፡ ኣህጉራዊ ሕጊ ረጊጹ፡ ግዝኣታዊ ሓድነት ኤርትራ ነጺጉ፡ ዓሰብ ክጉብጥ፡ ካብኡ ሓሊፉ ህላወ ኤርትራ ከም ናጻ ሃገር ከጥፍእ ክጉብር ዝጸንሐ ምፍርራሕን ምቅርራብ ንኩናትን ዝጻረር ኢዩ።

ኣመሪካ ነዚ መግለጺኣ ዝዘርግሐት፣ ናይ ጉዳያት ወጻኢ ሚኒስተራ፡ ማርኮ ሩብዮ ምስ መራሒ ብልጽግና ብቴለፎን ድሕሪ ምዝርራቡ ኢዩ። ኣመሪካ፡ ኣብቲ ምስ መንግስቲ ኤርትራ ኩተካይዶ ዝጸንሐት ቀጻልን ክፉትን ዘተ'ውን፡ ነዚ መርገጺኣ'ዚ ብተደጋጋሚ ከተረጋግጾ ከምዝጸንሐት ክፍለጥ ይግባእ።

መግለጺ ኣመሪካ ዝህልዎ ጽልዋ ብሕጂ ዝርአ ኩይኑ፣ ሃገርና ንምክልኻል፡ ንኹሉ እንትታት ድሉዋት ንምዃን ንጉብሮ ዘለና መኸተ ኣሒይልና ክንቅጽሎ የድሊ። ኣይንዘነጋ።

## ተጋዳሊት ምዕራፍ ኣንገሶም (ላልምባ) ተሰዊኣ

ኣባል ሚኒስትሪ ጥዕና - ገዲም ተጋዳሊት ምዕራፍ ኣንገሶም ጉብረሚካኤል (ላልምባ)፡ ኣብ መበል 68 ዓመት ዕድመኣ ብሕማም ተሰዊኣ።



ኣብ ወርሒ ሓምለ 1975 ናብ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈት ተጋዳሊት ምዕራፍ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ክፍሊ ህዝባዊ ምምሕዳር (ጀማሂር)፡ ክፍሊ ሕርሻ፡ ተዋጋኢ ሰራዊትን ኮሚሽን ስንቅን፣ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ክፍሊ ስንቅን ሚኒስትሪ ጥዕና - ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ኦሮታን ተመዲባ፡ ንሃገራን ህዝባን ብተወፋይነት ዘገልገለት ሓርበኛ እያ።

ስውእቲ ተጋዳሊት ምዕራፍ ኣንገሶም፡ በዓልቲ ሓዳርን ኣደ 4 ደቅን እያ።

ስነ-ስርዓት ቀብራ ድማ፡ ብ16 ጥቅምቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ብመስዋእቲ ገዲም ተጋዳሊት ምዕራፍ ኣንገሶም (ላልምባ) ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራ-ቤታ፡ መቓልስታን መሳርሕታን "ጽንዓት ይሃብኩም" ይብል።

# ኤርትራዊት ኣብነታዊት ሓረስታይ፡ ብውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም ተሸሊማ

ኤርትራዊት ኣብነታዊት ሓረስታይ ወ/ሮ ሮዚና መብራህቶም፡ ሓንቲ ካብ'ተን '100 ጀጋኑ ልምዓት ደቂኣንስትዮ' ተባሂላ፡ ብ16 ጥቅምቲ ብውድብ መግብን ሕርሻን ዓለም (FAO) ኣብ ሮማ - ኢጣልያ ኣብ ዝተወደበ ስነ-ስርዓት ተሸሊማ። መንቀብርን ብምርግጋጽ፡ ጽልዋኡ ኣብ ስርዓተ ሕርሻን መግብን ኣዝዩ ዓቢ ምዃኑ ብግብሪ ስለዘርኣየት ምዃኑ፡ እቲ ጸብጻብ ብተወሳኺ ኣነጺሩ።

ወ/ሮ ሮዚና መብራህቶም፡ ኣብ ዞባ ደቡብ - ንኡስ ዞባ ዓዲቐይሕ፡




ወ/ሮ ሮዚና፡ ካብ 131 ሃገራት ምስ እተዋጽኣ ልዕሊ 600 ኣብነታውያን ደቂኣንስትዮ ተወዳዲራ ብምዕዋታ፡ ሓበን ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ሓበን ኤርትራውያን ሓረስቶት ደቂኣንስትዮ ድማ ብፍላይ ንምዃን ከምዘበቖዐት፡ ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት ካብ ዓለማዊ ውድብ መግብን ሕርሻን እተረኽበ ሓበሬታ፡ ወ/ሮ ሮዚና ነቲ ዓውት ዘበቕዐትሉ ረቛሒታት፡ ጨዋምን ጎቦን ንዝነበረ ዘይሕረስ መሬት፡ ብሓያል ጻዕሪ ናብ ልሙዕን ኣፍራዩን ናይ ሕርሻ ባይታ ክትቕይሮ ብምኽኣላ'ዩ።

እዚ ድማ፡ ከባቢያዊ ሓላፍነት፡ ዘላቒ ሕርሻ፡ ውሕስነት መግብን ምምሕያሽ 'መሳልሕ' ኣብ ዝተባህለ ቦታ ኣብ ውሁድ ሕርሻ ማለት፡ ልምዓት ጀርዲን፡ ኣእካል፡ ጥረታትን ምርባሕ ጥሪትን እትነጥፍ ኣብነታዊት ሓረስታይ'ያ።

ኣብ 2022 እውን ኣብ ኣስመራ ኣብ እተኻየደ ሃገራዊ ዋዕላ ልምዓት ድንሽ፡ ብዘመዝገበቶ ልዑል ምህርቲ ምሩጽ ዘርኢ ድንሽ ተሸሊማ ምንባራ ዝዝከር'ዩ።

ኣላይት ስድራ ዝኾነት ወ/ሮ ሮዚና፡ ንዝነበራ መሬት ናብ ልሙዕ ናይ ሕርሻ ቦታ ንምቕያር፡ ምስ ደቃ ካብ ካልእ ቦታ ሑጻ፡ ሓመድን ድኹዕን እናጓረቱ ንዓሰርተ ዓመታት ከምዝጸዓሩ፡ እቲ ዝተረኽበ ሓበሬታ የገጽር።

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቁ.ስ 116266 / 201820 (256)
ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቁ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247
ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም
ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቁ.ስ. 125013 - ቁ.ሳ.ጶ. 1284

# ዓዲቐይሕ - ኣብ ተመሃሮ ዳህሳስ ኩነታት ጥዕና ተኻዪዱ



ኣብ ንኡስ ዞባ ዓዲ-ቐይሕ፡ ኣብ ተመሃሮ ዝረኣዩ ሕማማት ንምፍላጥን ብኣግኡ ንምፍዋስን፡ ካብ 12 ክሳብ 16 ጥቅምቲ ዳህሳሳዊ መርመራታት ተኻይዱ።

እቲ ካብ መዋእለ ህጻናት ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ንዝርከቡ ልዕሊ ሓሙሸተ ሽሕ ተመሃሮ ዝሸፈነ ዳህሳስ፡ ሕማማት ዓይኒ፡ ስኒ፡ እዝኒ፡ ቈርበትን ልቢን ዘጠቓልል ምንባሩ፡ ነቲ መደብ ዝመርሐ ኣቶ ጌቱ ሰልጠነ ገሊጹ።

ኂ-ኂ'ቲ መርመራታት፡ ኣብ ግርዘውና ንዝርከባ ደቂኣንስትዮ፡ ኣብ ፍርያምነት ዝተኩረ ኅስኻሳት ከምእተኻየደ'ውን ሓቢሩ።

ወኪል ኣገልግሎት ጥዕና ኣቶ ኮኾብ ተስፋይ ብወገኑ፡ እቲ ዓመት መጸ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ብስሩዕ ዝካየድ መደብ፡ ኣብ ተመሃሮ ዝኽሰት ጥዕናዊ ጸገማት ንምቕላልን ሕማማት ንምግታእን ሓጋዚ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

ኣብ'ቲ መደብ ዝተሳተፉ ሓኪይም ድማ፡ ህጻናት ተመሃሮ ጸገማቶም ክነግሩ ስለዘይክእሉ፡ ወለዲ ኣብ ጥዕና ደቆም ምክትታል ክገብሩ ተላብዮም።

ሓላፊ ሆስፒታል ዓዲ-ቐይሕ ዶ/ር ጺጋዝኣብ ክፍለዝጊ ኣብ መወዳእታ፡ ዝካየድ ዳህሳሳዊ መርመራታት ንኽዕወት፡ ወለዲን ተመሃሮን ንዘወሃቦም ሞያዊ ምኽርን ማዕዳን ከምኡ'ውን ሕክምናዊ ሓገዝ፡ ኣብ ግብሪ ክሰርሑሉ ኣተሓሳሰቡ።

# ዓንሰባ - ቅነ መንእሰያት ኣብ ምልላይን ምዕቃብን ባህሊ ልዑል ኣበርክቶ ይገብር ከምዘሎ ተገሊጹ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ቅነ መንእሰያት ኣብ ምልላይ፡ ምውርራስን ምዕቃብን ባህሊ ልዑል ኣበርክቶ ስለ ዘለዎ ብዘለዓለ ክስርሓሉ ምዃኑ ተገሊጹ።

እቲ ቅነ፡ ብውልቅን ብጉጅለን ብርክት ታሪኾምን መንነቶምን ዘፈልጡሉ ባይታ ምጥጣሕን ዝርከቦ ጉሉሕ ረብሓታት ከምዘለዎ ኣብሪሁ።



ኣብ ጨንፈር ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ሓላፊ ውዳበታት ኣቶ ጣህር ሳልሕ፡ ኣብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ንዝተኻየደ ቅነ መንእሰያት ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ መደብ - ዓቕሚታት መንእሰያት ኣብ ምፍታሽን ምምዕባልን፡ ፍሉይ ክእለት ዘለዎም ተመሃሮን መንእሰያትን ምልላይን ምትብባዕን ከምኡ'ውን መንእሰያት ባህሎም፡ መንእሰያት ብዝምልከት፡ ኣቶ ጣህር፡ መንእሰያት ውዳበታቶም ብምሕያል፡ ባህሎምን ኩብርታቶምን ፈሊጦም ኣብ ምዕቃቡ ኣበርክቶ ንኽህልዎም፡ ኣብ ዝበሉ ውድድራት ከምዝካየደሉ ብምጥቃስ፡ ኣብ ናይ ውልቂ - ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት፡ ምህዞን ሰንዓን፡ መደረን ትንታነን፤ ኣብ ናይ ጉጅለ ድማ ውድድራት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ባህላውን ያታውን ውድድራት፡ ከምኡ'ውን ትልሂትን ካልእን የጠቓልል።

ንፍሉይነት ናይ ሎሚ ዓመት ቅነ ምምሕዳራት ከባቢ ወሪድካ ምስራሕ ኣገዳሲ ስለዝነበረ፡ ኣብ ልዕሊ 50 ምምሕዳራት ከባቢ ዕዉት ስራሕ ከምእተሰላሰለ ኣረዲኡ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ጣህር፡ ቅነ መንእሰያት ክብርታትን ያታን ኣብ ምስግጋር ዘለዎ እጃም ቀሊል ስለ ዘይኮነ ቀጻልነቱ ክውሓስን ተሳታፍነት መንእሰያት ክዓዝዝን ተላብዩ።

# ደቀምሓረ - ኣብነታውያን መምህራን ተሸሊሞም

ቤት-ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ብምኽንያት ምጅማር ዓመተ ትምህርቲ 2026/2027 ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ዘወደቦ ኣኼባ፡ ንኣብነታውያን መምህራንን ርእሰ-መምራንን ኣተባቢዑ።

ኣብ'ቲ ሳዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ፡ ወለዲን ተመሃሮን ዝተረኽቡሉ ኣኼባ፡ ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት መምህር ርግበ ክፍሉ፡ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን እቲ ቀላሲ ተራ ዘለዎ መምህር ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንኣብነታውያን መምህራን ምሻላም ኣብ'ቲ መስርሕ ድሮኺት ከምዝፈጥር ኣረዲኣ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣቶ የማነ ኣበራ ብወገኑ፡ እቲ ዝተወሰደ ተበግሶ እወታዊ ጽልዋ ከምዝፈጥር ብምሕባር፡ መምህራን ኣብነታዊ ኣገልግሎቶም ብዘለዓለ ክቕጽሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ንኣገዳስነት ሞያ ምምህርና ዘንጸባርቑን ዘመጉሱን ባህላውን ስነ-ጥበባውን መሰናድኣታት ቀሪቡ።

# መዘናዩ

ማርታ'ክብሮም

## ካብ ልምድታት ኣህዛብ

• ዝበዝሑ ኣመሪካውያን ደቀባት ንሰለስተ ጾታ እየም ኣፍልጦ ዝህቡ። እቲ ሳልሳይ ጾታ፡ 'ክልተ መንፈስ' ዘለዎ ኮይኑ ዝተባረኸን ፍሉይ ተውህቦ ከም ዘለዎን ገሮም እዮም ዝኣምኑ።

• ኣብ ደቡባዊ ኒጀር ዝርከቡ ቀቢላ ወዳቢ ዓመታዊ ውድድር ቁንጅና ደቂ ተባዕትዮ የካይዱ። መንእሰያት ደቂ ተባዕትዮ መጸብቐ፡ ኣዕናቑ ስልማትን ብሉጽ ዝበልዎ ክዳውንትን ብምግባር ምርኢት የቕርቡ። ዕላማ ናይዚ ውድድር ደቂ ኣንስትዮ ንምስሓብ ኮይኑ፡ ኣብቲ መዓልቲ እተን ደቂ ኣንስትዮ ደስ ዝበለን ወዲ ተባዕታይ መረጸን ክምርዓዋ ይኽእላ።

• ኣብ ሳራዋክ ዝነብሩ ህዝቢ ፔናን ዓሳ ንምግፋፍ ፍሉይ ዝበለ ኣገባብ እዮም ዝጥቀሙ። ኑፆም ዝገፍዎም ዓሳታት ንምድንዛዝ፡ ካብ ኣትክልቲ መርዛም ነገር ድሕሪ ምጥቃሞም፡ እቶም ዓሳታት ኣብ ላዕለዋይ ማያዊ ኣካል ጸንበል ይብሉ። ቀጺሎም፡ ኑፆም ዝደለይዎም ዓሳታት ገፊዖም፡ ኑፆም ንኣሽቱ ዓሳታት ድማ ይገድፍዎም።

• ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ህንዲ ዝነብሩ ህዝቢ ቸንቹ ንዘተሰብረ መሓውር ንምጽጋን ፍሉይ ዝበለ መጋር ይጥቀሙ። ብዘይካ'ዚ ኣብ ግዜ ክራማት መጋር ኣይብርብሩን እዮም፡ ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ግዜ እቲ ከውሒ ለማጽ ስለ ዝኾውን ኣናህብ ሓድሽ ቤት ክሰርሑ ይሽገሩ እዮም ዝብል እምነት ኣለዎም።

• ሰረጸስ እታ ዝደመቐት ኮኾብ ኮይና ሕብእ መጻምዲ ኣለዋ። እዛ ኮኾብ ብዓይኒ ዘይትርአ ኮይና፡ ኣብ 19 ዘመን ብምዕራባውያን ተመራመርቲ ዝተረኽበት እያ። እንተኾነ ህዝቢ ዶጎን ብዛዕባ እዛ ኮኾብን ዑደታን ብዙሕ ከም ዝፈልጡ ይዛረብ።

• ኣብ ናሚብያ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ሂምባ ኣንገላን ኩሉ ኑብሰን ብኦትጃዝ ዝበሃል ካብ ቀጻሊ ዝስራሕ ቀመም ይሸፍና። ወላ'ኳ እዚ ቀጻሊ፡ ካብ ጸሓይን መንከስቲ ጣንጡን ዝከላኸለለን እንተኾነ ንሳተን ግና ንመጸብቐ ጥራይ ከም ዝጥቀማሉ እየን ዝዛረባ።

• ኣብ ከበቢ ወርሒ ዝርአ ደሙቕ



ቀለቤት፡ ደቀባት ኣውስትራልያ ትንቢት ኩነታት ኣየር ንምትንባይ ከም ዝጥቀሙሉ ይዛረቡ።

• ጉጉ ይሚቲር ዝተባህሉ ኣውስትራላውያን ኣህዛብ ንጾማንን ጺጋምን ዝገልጽ ቃላት የብሎምን። ብኣንጻሩ ኣንፈታት ንምግላጽ ዝጥቀሙሉ ሰሜን፡ ደቡብ፡ ምብራቕን ምዕራብን ካልእ የብሎምን።



• ዓሶ ሓደ ካብቶም ቀተልቲ ሕማማት እዩ። ደቀባት ኩቻ ናይ ፔሩ፡ ቦሊቭያን ኢኳዶርን ግና ሕማም ዓሶ ንምክልኻል ካብ ኪንቾና ዝበሃል ገረብ ዝስራሕ ኩይናይን ዝበሃል መድሃኒት ይጥቀሙ።

• ኣብ ማለዥያ ዝርከቡ ህዝቢ ባጃኡ ኣብ ባሕሪ ትንፋሶም ሓቢኦም ክሳብ 20 ሜትሮ ክጠልቁ ኣይጸገሞምን። እዞም ህዝቢ ካብቲ ኣብ ባሕሪ ዝጸንሑሉ ግዜያት እቲ 60 ሚእታዊት ኣብ ውሽጢ ባሕሪ እዮም ዝጸንሑ።

• ኣብ ቬንዙዌላ ኣብ ግዜ ቆጸራ ኣብ ልክዕ ግዜኻ ምምጻእ ከም ነውሪ እዩ ዝቑጸር። ካብ ሰዓትካ ርብዒ ሰዓት ደንጒኻ ክትከይድ ኣሎካ። ኣብታ ሃገር ኣብ ቆጸርኦም እሙናት ዝኾኑ ሰባት ከም ስሱዓትን ህንጡያትን እዮም ዝሕሰቡ።

• ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዓመታዊ ዝጽንበል ውድድር ማሱላቕ ገጽ ኣሎ። እቲ ውድድር ኣብ 13 ዘመን ዝጀመረ ምዃኑ ይግለጽ። ኣብዚ ውድድር ዝሳተፉ ሰባት ገጾም እናቐያየሩ ማሱሓቓት ኮይናም ክረኣዩ ይጽዕሩ። ነዚ ውድድር ኣርባዕተ ግዜ ዝተዓወተሉ ፔተር ጃክማን ዝያዳ ማሱላቕ ኮይኑ ክርአ ብዛዕባ ዕላማ ኩሉ ኣስናኑ ከም ዘርገፎ ይፍለጥ።

• ኣብ ሰሜናዊ ክፋል፡ ቦርን ዝርከቡ ቀቢላ ቲደንግ፡ መርዓውቲ ድሕሪ መርዓኦም ኣብ ዘለዋ ቀዳሞት ሰለስተ መዓልታት ሽቓቕ ከይጥቀሙ ዝኽልክል ሕጊ ኣለዎም። እዞም መርዓውቲ ኣብዘን መዓልታት ክሸኑ ይኹን ኣካሎቶም ክሕጸቡ ኣይፍቀደሎምን እዩ፡ ስለዚ ኣዝዩ ውሑድ መግቢ እዮም ዝወሃቦም። እዚ ምግባር ኣብ ሓዳር ሕጉስ ህይወት ከም ዝህልወካ ይኣምኑ።

• ኣብ ታይላንድ ዝነብሩ ቀቢላ ካረን ከም ዘራፍ ነዊሕ ክሳድ ምውናን ኣዝዩ እዩ ደስ ዝብሎም። ስለዚ ነዊሕ ክሳድ ክውንኑ ካብ ግዜ ህጻንነቶም ኣትሒዞም እዮም ጻዕርታት ዝገብሩ። ስለዚ እተን ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ሓሙሽተ ዓመት ኣትሒዘን ክሳደን ንምንዋሕ ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ቀለቤት ኣብ ክሳደን የእትዋ። እናንዘዘ ክኸዳ ከለዋ ድማ ቁጽሪ ናይቲ ቀለቤት እናወሰኸ ይኸይድ። ኣብዚ ቀቢላ ነዊሕ ክሳድ ምውናን ምልክት ጽባቐ እዩ።

## ፈስቲቫል ማናባሳ ጉሩባር




ፈስቲቫል ማናባሳ ጉሩባር ኣብ ወርሒ ማርጋሽራ፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓሙስ ዝጽንበል ፈስቲቫል ኮይኑ ኣብ ሃገረ-ህንዲ ብዝለዋ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ዝጽንበል። እዚ ፈስቲቫል ንኽብሪ ጣኦት ማሓ ላጽሚ ዝበዓል እዩ። ኣብዚ በዓል ድማ ማሓ ላጽሚ፡ ናብ ነፍሲ ወከፍ ገዛ ኣንስተይቲ ዘሎዎ ገዛ ብምእታው ኣብቲ ገዛ ዘሎ ጓሂን ጭንቀትን ብምእላይ ሓጎስን ሃብትን ከም እተምጽእ ይኣምና። ፈስቲቫል ማናባሳ ጉሩባር ብኸሉ ነገራቱ ካብቲ ካልእ ፈስቲቫላት ፍሉይ ዝበለ እዩ።

ማናባሳ ጉሩባር ምልክት ናይ ምሕያል ደቂ ኣንስትዮ እዩ። ኣብ ግዜ ፈስቲቫል፡ መጀመርታ ገዛኣን ብምጽርራይ ዝተፈላለዩ መመላኽዒታት ብምግባር ቤተን ይሽልማ። ምኽንያቱ ማሓ ላጽሚ ገዛ እንተ ዘይጸረዩን ዘይተመላኸዑን ከም ዘይትመጽእ ስለ ዝኣምና እዩ። ኣፍደገ ገዛኣን ድማ ዒባ ወይ ቀይሕ ሓመድ ይገብራ።

ኣመጻጽኣ እዚ ፈስቲቫል ካብቲ ማህተማ ባላራም ዝተባህለ ወሩይ ጸሓፊ ዝጸሓፎ ዛንታ ላጽሚ ፑራን እዩ ዝበገሰ። ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ሰሙናዊ ሓሙስ ነዚ ዛንታ የንብባ። ብመሰረት እቲ ጽሑፍ፡ ሰብኣያ ደኺ ንላጽሚ ካብቲ ብሓደ ዝነብሩሉ ዝነብሩ ቦታ ማለት ቤት መቕደስ ሽሪ ጃጋናት ይሰጎ። ላጽሚ ድማ ኣብ ሶርያ ተሰዲዳ ክትነብር ተገደደት። ኣብኡ ኮይና ግና ናብ ኣምላኻ ካብ ምጽላይ ኣየብኮረትን። ድሕሪ ላጽሚ ክጥዕሞም ዘይክኣለ ሰብኣያን ሓውን ድማ ናብራ ኣዝዩ ከቢዶምን ብዙሕ ሽግራት ሓለፉን። ድሕሪ ግዜ ከኣ ኣጉዳሲታትን ተራን ላጽሚ ኣጸቢቑ ስለ ዝተረድኦም ናብ ቤታ ክመልሱዋ ወሰኑ። ቅድም ግና ብሓንቲ ነገር ተሰማሚዖ፡ ንደቂ ኣንስትዮ ብዘየኻ መዳይ ከየጨንቑን ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ድማ ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ክርእዩወንን ቃል ኣተው። ንላጽሚ ናብ ቤታ መለሱዋ። ናብ ገዝኣ ምስ ተመለሰት፡ ንልዕልና ደቂ ተባዕትዮ ክትቃወምን ደቂ ኣንስትዮ ንምሕያል ድማ ኣበርቲዓ ክትሰርሕን ጀመረት።

ላጽሚ፡ ደቂ ኣንስትዮ ናተን ምርጫ ክኽበረለንን ብተባዕታዊ ልዕልና ከይግዝኣን ማዕረ ደቂ ተባዕትዮ ማሰል ክወሃበንን ኣብ ዝበል ኣርእስቲ ንሕብረተሰብ ዓቢ ትምህርቲ ኣቕሰመት። እዚ ዛንታ ብመልክዕ ፊልምን ማሪ ዛንታታትን ኣብ ቴለቪዥንን ካልእ ማሕበራዊ መራኸቢታትን ቀሪቡ እዩ።



እተን ፈስቲቫል ዝጽንብላ ደቂ ኣንስትዮ ገዛኣን ብዒባ ዝልጥፍኣን ዘሰራርይኣን ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ላጽሚ ገዛ እንተዘይጸረዩን ዘይተወገኑን ናብ ገዛኣን ከም ዘይትመጽእ ስለዝኣምና እዩ። ዒባ መግበሪኣን ድማ ጀርምታት፡ ሓሳኹን ለማሚቲን የርሕቕ ኢለን ስለ ዝኣምና እዩ። ብዘይካ'ዚ ኣብዚ ፈስቲቫል ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣእካልን ኣሕምልቲን ብምጥቃም ብዙሕ ጥዑም መግቢ ይሰርሓ።

## ካብ ባህርያት ሓያላት ሰባት

1. ርእሰ ምትእምማን ዘለዎም እዮም። ርእሰ ምትእምማን ሓደ ምልክት ናይ ኑብሰኻ ምፍቃር እዩ፡ ከም'ኡ'ውን ካብ ናይ ውድድር ህይወት ክትወጽእ ይሕግዘ። ስለዚ ምስ ኑብሶም እምባር ምስ ካልእ ኣብ ዙርያኦም ዘለዉ ሰባት ስለ ዘይውዳደሩ ሰላም ኣእምሮኦም ኩሉ ግዜ ምሉእ እዩ። ሓያላት ሰባት ርእሰ ምትእምማን ስለ ዘለዎም ኩሉ ግዜ ብኑብሶም ሕጉሳትን ዕጉባትን እዮም።

2. ናይ ምፍራይ ክእለቶም ልዑል እዩ። ሓያላት ሰባት ግዜኦም ብዮዝቡእ ስለ ዘመሓድሩ ንግሆ ኣብ ምትንሳኦም ንኑብሶም ዝሓቱዋ ሕቶ፡ "ሎሚ እንታይ ኣፍርየ እየ ክውዕል፤ እንታይ እንተገበርኩ እዩ ዝሕሸኒ፤" ብምባል መደባቶም ሰሪዖም እዮም ዝበገሱ። ስለዚ ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ነገራት ዓሚሞም ወይ ኣፍርዮም ክውዕሉ ኣይሸገሩን።

3. እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም እዮም። ንነገራት ብእወታዊ ሸነኾም ናይ ምዕዛብን ናብ ረብሓኦም ናይ ምውዓል ክእለትን ዝተዓደሉ እዮም። ዘለዎም እወታዊ ኣተሓሳስባ ንዕኦም ጽቡቕ ስምዒት ካብ ምሃብ ሓሊፉ ኣብ ዙርያኦም ንዘለዉ ሰባት'ውን ብእወታ ዝጸልዉ እዮም።

4. ንዘለዎም ፍርሒታት ክገጥሙ ብቕዓት ዘለዎም እዮም። ዝኾነ ሰብ ኣብ ህይወቱ 'ዘፍርሑ' ዝበሎም ነገራት ኣለዉ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነገር ከመይ ጌርካ ትገጥሞምን ትምክቶምን እዩ። ሓያላት ሰባት ድማ ንዘፍርሕዎም ነገራት ይሃድሙሎም ዘይኮኑ ንዕኦም ብምግጣም ኣብ ልዕሊኦም'ውን ዓወት ዝጎናጸፉ እዮም።

5. ፈቃራትን ሓብሓብትን እዮም። ሓያላት ሰባት ኑብሶም ስለ ዘፍቅሩ፡ ንኻልኦት ሰባት'ውን ፍቕሪ ክልግሱን ክሕብሕቡን ኣይጸገሙን እዮም።



6. ዝተራእየም ካብ ምዝራብ ድሕር ኣይብሉን። ኣብ ስድራ ቤትን ሕብረተሰብን ዓመጽን ግፍዕን ዝመልኦ ኣካይዳ ምስ ዝርእዩ ንምምዓድን ምግታእን ድሕር ኣይብሉን። ዝኾነ ኣባል ስድራ ቤቶም ወይ ሕብረተሰቦም ምስ ዝጉዳእ ወይ ዝዕመጽ'ውን ሰቕ ኢሎም ኣይርእዩን።

7. ንኑብሶም እሙናት እዮም። ሓያላት ሰባት ንኻልኦት ሰባት ክምስሉ ዘጽደጽዕሩን ንኑብሶም ከም ዘሉዋ ዝቕበሉዋን እዮም። ንሰባት ክምስጡን ክሐጉሱን ዘይኑብሶም ኣይመስሉን እዮም። ኮታስ ብዘለዎም ህይወትን ኣኽዑዳን ዕጉባትን ሕጉሳትን እዮም።

8. ሕጉስ ህይወት ዝመርሑ እዮም። ሓያላት ሰባት ሓጎሶም ካብ ካልኦት ሰባት ዘይኮነ ካብ ውሽጦም እዮም ዝረኽብዎ። ሓጎስካ ካብ ካልኦት ሰባት ክትረኽቦ ምስ እትፍትን ናብ ጸቕጢን ጭንቀትን ከም ዘምርሓም ስለ ዝፈልጡ ብዘለዎም ኣኽዑዳ ዓጊቦም እዮም ዝኸዱ።

9. ዘለዎም ብልጫታትን ድኽመታትን ጽቡቕ ገሮም ዝፈልጡ እዮም። ንዘለዎም ብልጫታት ኣብ ጽቡቕ ነገር ዘውዕልዎ፡ ንድኽመታቶም ከኣ ከዕርዩ ዝጽዕሩ እዮም። ኣብ ዘይክእልዎ ነገር'ውን ሓገዝ ንኽሓቱ ድሕር ኣይብሉን።




# ኣከባብያዊ ጽልዋታት ንጥፈታት ምግፋፍ ሕድራ

የውሃንስ ተኽለማርያም

ክፍሊ ኣከባቢ - ሚ/መ/ማ/ኣከባብን

ቀዳማይ ክፋል

ብልምዳዊ ኣጸዋውዓ ሕድራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ብ ሲ-ኩኩምበር (Sea cucumber) ዝፍለጥ እንስሳ ባሕሪ ኣዝዩ ልዑል ፋይናንሳዊ ጥቕሚ ኣብ ዝርከቦም ኣዋናወንቲ ጸጋታት ባሕሪ ሓደ እዩ። እዚ ብ 'በቾ-ደ-መኸ' ወይ 'ትሪፓንግ' ዝፍለጥ ምህርቲ ባሕሪ ኣህጉራዊ ተጠላብነቱ ኣዝዩ ልዑል ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ 70 ሃገራት ዝርከብ ኣስታት 3 ሚልዮን ህዝቢ ዝ ጸጋታት ባሕሪ ብምግፋፍ፣ ብንግድን ካልእን ንጥፈታትን ዕለታዊ መነባብሮኡ ይመርሕ። ሕድራ፣ ቀንዲ ዝሸየጠሉ ዕዳጋታት ኣብ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኮይኑ፣ ብፍላይ ኣብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፣ ሆንግኮንግን ሲንጋፖርን ዘለዎ ጠለብ ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ይንገረሉ። ኣብዘን ሃገራት ዝርከቡ ዓማዊል ምምጋብ ሕድራ ብዘይካ'ቲ ዝህቦም ጣዕመ-መቐረት፣ ከም ኣገዳሲ ምንጪ ልምዳውያን መድሃኒታትን መመስርሒ መመላኽዒ (ኮስሞቲክስ) ምዃኑ ይግለጽ። ዓማዊል፣ ሕድራ ብምምጋቦም ኣብ'ቲ ዝቕመጡሉ ቦታ ከም ልዑል ደረጃ ወይ ክፋል ደርቢ ሕብረተሰብ ዝረኣየሉ ኩነታት ኣሎ።

ኣብ ዓለም ኣብ ዝርከቡ ባሕርታትን ውቅያኖሳትን ልዕሊ 1,700 ዓሌታት ሕድራ ይርከቡ። ካብዚኦም ኣዝዮም ውሑዳት ማለት ኣስታት 70 ጥራይ እዮም ኣብ ጥቕሚ ደቂሰባት ዝውዕሉ። ብቐንዱ ድማ ብስድራ-ቤት ሆሎትሪደ (Holothuriidae) ዝልለዩ ጉጅለታት ሕድራ ዝያዳ ኣብዚ ተሃሪፍን ካዕቦ መኽሰብ ዝረኣጦን ንግዳዊ ንጥፈታት ይምደቡ።

ዓለምለኻዊ ዋጋን ጠለብን ሕድራ ምስ መሸጣ ጥሉል ዓሳታት ክውዳደር ከሎ ኩቶ ንምእማኑ ብዘጸግም ዋጋ ይሸየጥ። ኣብቶት ኣብ ዕዳጋታት ንግስነት ስዑዲ ዓረብ ተመሪጹን ክቡርን ምዃኑ ዝእመነሉ ሓደ ካብ ዓሌታት ዓሳ ዝኾነ ናጅል (Red Grouper) ንሓደ ኪሎ ግራም ብዝምጋም ካብ 20 ክሳብ 30 ዶላር ኣመሪካ ክሽየጥ ከሎ፣ ብኣንጻሩ ኣብ ዕዳጋታት ርሑቕ ምብራቕ ንሓደ ኪሎ ግራም ብቐዓቱ ዝሓለወ ድሩቕ ሕድራ ካብ 30 ክሳብ 150 ዶላር ኣመሪካ ይሽየጥ። ንፍሉይ መዓላ ኣዝዮም ተመረጽቲ ዝኾኑ ዓሌታት ሕድራ ኣብ ዕዳጋታት ሆንግኮንግ ንኪሎ ክሳብ ሰለስተ ሽሕ ዶላር ኣመሪካ ዝበጽሑሉ ኣጋጣሚታት ከምዘሎ'ውን ኣህጉራውያን መዛግብቲ መሸጣ ዓሳ ብምውካስ ክረጋገጽ ይከኣል። እዚ ዋጋታት ኣብ'ቲ ናይ መወዳእታ ቦታ ዕዳጋ ደኣ እምበር ንዕለታውያን ንቡር ዋጋታት ዕዳጋ ዝውክሉ ከምዘይኮኑ ግን ምግንዛብ ይግባእ።

እዚ ብልዑል ክቡሪ ዋጋታት መሸጣ ዝልለ ጸጋ ባሕሪ እምበኣር ኣምሳያ ገደብ ዘይብሉ ሽውሃት ደቂሰባት ግዳይ ክኸውን ግድን ይኸውን። ከም ሳዕቤኑ ድማ ልዕሊ ዓቐን ክግሔፍን ብእወታዊ ኣበርክቶኡ ዝስስን ስርዓተ-ማሕደሮ ግዳይ ክኸውንን ደረኡ። ዝ ሓሊፉ'ውን ኣብዚ ሕድራ ዝነብረሉ ስርዓተ-ማሕደሮ ብምምርኳስ ዝስስኑ ዝነብሩን ዓሌታት ጸጋታት ባሕሪ ግዳይ ጸቕጥን ጸንቀትን ክኾኑ ይቕሰቡ።

እቲ ቀንዲ ኣሰካፊ ዕንወት ኮይኑ ዘሎ ኑቲ ካብ ኣዒንቲ ሰባት ከውሊ ዝኾኑ ቦታታት ዝፍጸም ዘሎ ምዝመዛዝም ጸጋታት ባሕሪ እዩ። ከም ኣብኡት ካብ ክትትልን ቁጽጽርን ልግስ ዝበሉ ኣብ ኣዝዩ ርሑቕ ጎማም ባሕርን ደሴታትን ኣብ ከርሲ ዓሞቒቲ ማያት ባሕሪ ዝካየዱ ንጥፈታት ምግፋፍ ጸጋታት ባሕሪ ዝያዳ ዕንወት የኸትሉ። ኣብ ስርዓተ-ማሕደሮ ዝፍጸሙ ምዝመዛ ጸጋታት ባሕሪ ብሓፈሻ ብሕጊ ክግታእን ልዑል ኣተኩሮን ግዝያዊን ክወሃቦን ኣገዳሲ እዩ።

ብዘይካ'ዚ ዝሑል ፍጥረት ምንቅስቓስን ምዝዋርን፣ ብቐሊሉ ግዳይ ምእራይ ገፈፍቲ ዓሳ ክኾኑ ግድን እዩ። ብዘይካ'ዚ ምስቲ ኣብ ኩሉ ቦታታት ባሕሪ ማለት ኣብ ቀረባን ዓሞቒትን ጥልቀት፣ ኣብ ሑጻታትን ኣኻውሕን፣ ኣብ ስርዓተ-ማሕደሮታት ዕምባባታት ባሕርን ሳዕሪ ባሕርን ብዝተፈላለዩ ብዝሒን ዓይነትን ዝርከቡ ብምዃኖም ብኣረይቲ ሕድራ ብቐሊሉ ይኽሸፉ።

## ንጥፈታት ሕድራ ኣብ ኤርትራ

ሕድራ (Sea cucumber) ሓደ ካብቶም ተነቀፍቲ ጸጋታት ባሕሪ ሃገርና ኮይኑ ብዘለዎ ቁጠባዊ ረብሓ ብልምዳውያን ገፈፍቲ ዓሳ ሃገርና ይኹን ብወጻእተኛታት ኣውፈርቲ ተመሪጹ ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ሕድራ ኣብ ማያት ቀይሕ ባሕሪ ኤርትራ ተኣርዩ ኣብ ንግዳዊ መዓላ ክውዕል ካብ ዝጀምር ልዕሊ ሱብዓ ዓመታት ዝገበረ እዩ - ካብ ሱሳታት ዝጀመረ ንጥፈት ምዃኑ ይንገረሉ። ኣቐዲሙ፣ ኣዝዩ ትሑት መጠን እቶት ስለ ዝነበሮ፣ ውሑዳት ቁጽሪ ገፈፍቲ ዓሳ ዝጥፍሉ ጽላት ምንባሩ ይዝንቶ። ኣብቲ እዋን ብዚይ ሓገዝ መተንፈሲ ዝዘውተር ዝነበረ ሌጡ ንቒታ (ማስኬራን ብመቕዘፍ እግርን ጥራይ ዝግበር ጥልቃ (skin diving)፣ ውሑድ ምህርቲ ሕድራ ብመስርሕ ምንቃጽ ብምሕላፍ ናብታ ቀንዲ ዕዳጋ ዝነበረት ኣብ ስግር ባሕሪ ጎደቦ ዝተደኮነት ሃገረ የመን ይልኣኽ ምንባሩ ይንገር። ካብ 2000 ዓ.ም. ንነጀው ግን ብዝሰፍሐን ሓውሲ ኢንዱስትርያዊ ኣገባብን ብዘመናዊ ቅዲ ንቒታ (scuba-diving) ዕትሮን መስተንፈሲታትን ብምጥቃም ንንግዳዊ መዓላ ዝውዕል ንጥፈታት ብልዑል መጠን ክተዩድ ጸኒሑን ኣሎን።

እንተኾነ ኣብዚ እዋን ገፈፍቲ (ኣረይቲ) ሕድራ ሃገርና ብተለምዶ ዝመርጽዎ ኣገባብ ምግፋፍ ብጠንሸር


ምእራይ ሕድራ ብጥልቃ በሸር

ዝፍለጥ ካብ ስጉዲት ኣየር ማለት ኮምፕረሰር (ካብ ከባቢኣ ዝርከብ ኣየር ብምምጣጥ እትኽዝን ሞተረ) ንጠለቕቲ ኣየር ዝምግብ ነዋሕቲ ካርትሻት (ሻምብቆታት) ብምጥቃም ዝስትንፈስ ኣየር እዩ። እቲ ምኽንያት ድማ ንነውሕ ዝበለ ሰዓታት ኣብ ትሕተ-ባሕሪ ብምጽናሕን ዝደለይዎ ዓቐን ኣየር ብምጥቃም ብዙሕ ሕድራ ክኣርእዩ ስለዝሕግዞም እዩ። ምጥቃም ዓታሩ (cylinder) ጥልቃ ብኣንጻሩ ንዝተወሰነ ዓቐን ኣየር ጥራይ ስለዝኽዝን ወሱን ግዜ ብምጥላቕ ውሑድ ቁጽሪ ሕድራ ጥራይ ክኣርዩ የገድድ።

## እወታዊ ተራ ሕድራ ኣብ ኣከባቢ ባሕሪ

ሕድራ ሓደ ካብ'ቲ ኣዝዮም ዝልለዩሉ ባህሪ፣ ናውቲ ኩበዶም ብተምሳል ዓያይነት መጸዊት ደሮና (vacuum cleaner) ብምንጣፍ ኣብ ሓመድ ምድረ-ባይታ ባሕሪ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዝምንጮም ርስሓትን ግዕዙ-ምዕዛይን የጽርዩ ምዃኖም እዩ። ንሚልዮናት ቶናት ትሕተ-ባሕራዊ ሓመድ/ሑጻ ዕለታዊ ብምምጋብ ምስ'ቲ ሓመድ ሓቢሮም ዝኣተዉ ሰብታትን ባሕርን ካልኦት ፍጥረታትን ኣብ ውሽጢ ኣካላቶም ብምጽራይ ዳግም ኑቲ ሓመድ/ሑጻ ናብ ከርሲ መሬት ትሕተ-ባሕራዊ ባይታ ይመልሱ። እዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣብ ሕርሻዊ መሬት ህላወ ሓሳኹ ሓመድ (earth worms) ኣገዳሲ ተራ ዘለዎም፣ ሕድራውን ኣብ ትሕተ-ባሕራዊ ምድሪ ዓለምና ኣበርክቶኦም ዕዙዝ እዩ። ልዑል ትሕዝቶ ኦክሲጅን ናብ ታሕተዋይ ክፋል ባይታ ባሕሪ ዑደት ክዝውርን ተብጻሕነት ክህልዎን ድማ ልዑል ግደ ይጻወቱ።

ብተወሳኺ ሕድራ ዝውንንዎ ፍሉይ መስርሕ ምሕቓቕ መግቢ ንቡር ስርሑ ክፃምም ኣዝዩ ልዑል መጠን ኣልካላዊ ትሕዝቶ (ልዑል መጠን ፒ.ኤች (pH)) ይጠልብ። ካብ'ቲ ንደገ ዝለቅዎ ቀልቀል ኣብ ዝርከብሉ ዝተወሰነ ከባቢ ዝህሉ ኣልካላዊ ትሕዝቶ ማይ ኑቲ ብሰንኪ ንጥፈታት ደቂሰባት ዝስዕብ ዘሎ ክሊማዊ ለውጢ ዝሰዓቦ ምውሳኽ ምጽት ማያት ባሕርን ውቅያኖሳትን (ocean acidification) ተብሎ ኣሲዳውነቱ (ምጽቱ) ብምጉዳል ምዝንባል ህይወታውያን ይገትእ። ብሰንኪ ካብ ጠፈር ዝህሉ ምምጣጥ ጋዝ ካርቦን-ዳይ-ኦክሳይድ ዝስዕብ ምውሳኽ ምጽት ማያት ባሕሪ ኪጋጥም ዘሎ ተኽእሎ ኣብ ምግታእ ተርኡ ብምጽዋት፣ ክስዕቦ ዝኽእል ኣሉታዊ ጸቕጢን ምህማሽ ስርዓተ-ማሕደሮ ዕምባባታት ባሕርን የወግድ።

ብዘይካ'ዚ እዞም ብተምሳል ቀልቀል ካብ ኣካላት ሕድራ ዝልቀቑ ውጽኢት መስርሕ ምሕቓቕ መግቢ ዝኾኑ ዓኾራት እውን ሓያል ትሕዝቶ ማዕድናት ዘውንኑ ኮይኖም ፍጡራት ባሕሪ ናብ ንጹእ ርእሶም መዓላ ዘህልኹዎም ባእታታት ከም ካርቦን፣ ናይትሮጅንን ፎስፎረስን ዳግማይ ብምምስራሕ ናብ ባሕሪ ተመሊሶም ኣብ ጥቕሚ ንኽውዕሉ ይሕግዙ። ብተወሳኺ ቀልቀል ሕድራ ብትሕዝቶ ካልሸየም ካርቦኔትን ኣሞንያን ኣዝዩ ሃብታም ብምዃኑ ንድሩዓት እንስሳታት ባሕሪ ከም ዕምባባታት ባሕርን ዛዕጎላት ባሕርን ካልሸየም ካርቦኔት ቀረብ ብምቕራብ ንኣገደስቲ ሰብታት ዕምባባታት ባሕሪ (zooxanthelae) ከም ዱኽዒ የገልግሉ። ብዓንደ-ርእሱ ሕድራ ኣካላቶምን ናብ ኣከባቢኦም ዝለቅዎም ዘርኦም (እንቋቑሖ) ንኻልኦት ፍጥረታት ባሕሪ ከም መግቢ ኮይኖም የገልግሉ።

ብመንጽር እዚ ኩሉ ጥቕሚ ሕድራ ብዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት ወይ ግፋ ካብ ንቡር ቦትኦም ምስ ዝጎኽሩ፣ ኣሉታዊ ሳዕቤን ኣብቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ክስዕብ ግድን ይኸውን። ምኽንያቱ ብሕድራ ምስ ሓመድ ተሓዊሶም ዝሃልኩ ዝበኹ ሰብታት ባሕሪ ቁጽሮም ሰሲኑ ብምዕልቓላቕ፣ መጠን ሃይድሮጅን ሳልፋይድ ኣብ ማይ ብምዝያድ ኑቲ ኣከባቢ ግዳይ ሕጽረት ኦክሲጅን ብምግባር 'ምውት ዞና' ይፈጥሩ። እዚ ድማ ንህይወታውያን ዕምባባታት ባሕርን ንቡር እስትንፋስ ብምኽላእ ግዳይ ሞት ብምግባር ቁጽሮም ከምዝንቆልቆል ይገብር።


ምእራይ ሕድራ





# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ሰፊሕን ድሙቕን ሽፈነ ሚድያ፡ ንዕዙዝ ዝኽሪ!

ክቡራት ኣንበብቲ ኑቲ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ፡ "ሌላ ምስ ደጀንን ክፍልታትን ህ.ግ." ንናይ ሎሚ ሕታም ኣወንዚፍና፡ ኑቲ ንጽንብላትና ዝምልከትን ብኣወራሩ ድማ፡ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መስከረም ዝተጸንበለ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝምልከት ናብዚ ዓምዲ ዝተለኣኽ ደብዳቤታት ኣንበብቲ ዕድል ክንህብ ኢና።

ሰፊሕን ድሙቕን ሽፈነ ሚድያ፡ ንዕዙዝ ዝኽሪ!

ኣብዚ ዝሓለፈት መስከረም 2026፡ ኑታ ቅድሚ 50 ዓመታት ኣብ መስከረም 1976 ብወግዒ ኣብ ሳሕል ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ በዓል ወርቃዊ ኢዮቤልዮ ብምልኣ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መምሃራን ኣለይቲ፡ ተማሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር ድማ ብፍሉይ ኣብ ትሕቲ "ዕዙዝ ዝኽሪ ንሓድሽ ወፍሪ ህንጸት ሃገር!" ዝብል ቴማ ብኽቡብ ዝበለ ስነስርዓት ክሳብ ክብዕል ምቐናይና ይፍለጥ።

ሚኒስትሪ ዜና ኤርትራ በዚ ኣጋጣሚ መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ "ጉዕዞ ትምህርቲ ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ" ብሓፈሻ፡ ጉዕዞ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ ብፍሉይ፡ ካብ ምምስራታ ከም ሓደ ቅዱስ ዕላማ፡ ብኹሉ መኣዝኑ ኣብ ኩሉም ናይ ቃልሲ ጉዕዞ ዝሓለፈቶ መድረኻትን ዝበረቶ ኣበርክቶን ብዋዕላ ከተዘክሮ ምኽኣልኩም ዕዙዝ ይጉበር።

እዚ ማለት ሚኒስትሪ ዜና ብዋዕላ ዓቂብኩሞ ዝጸናሓኩም ሰነዳት፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ሃገር ዝተዳለዉ ንጥፈታት ባህላዊ ምርኢታት፡ ካርኒቫል፡ ሰሚናራት፡ ቃለ መሕተታት ምስ መምህራን ኣለይትን ወጻኢት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝኾኑ ናይ ትማሊ ተማሃሮ፡ ናይ ሎሚ ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሒ ንሃገር ዘገልግሉ ዘለዉ ተማሃሮ ነበርን ከምኡ እውን ዝተገበሩ ወግዓዊ ጽንብላት ብዋዕላ ሰኒድኩም፡ ብኹሉም ናይ ሬንዉ ስርዓታትኩም ማለት ብቴሌቪዥን፡ ብሬድዮ ድምጺ ሓፋሽ፡ ብጋዜጣታት ሓዳስ ኤርትራ፡ ኣልሓዲሳ፡ ኤርትራ ሓዳስ፡ ፕሮፋይል፡ ብማሕበራዊ ሚድያታት፡ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት፡ ከም ተመክሮ ዘሎን ዝመጽእን ወለዶታት ኤርትራ ንምትሕልላፍ ብዘበርከትኩሞ ዕዙዝን ድሙቕን ኣበርክቶን ብዝሃብኩሞ ሰፊሕ ሽፈንን እቲ ጽንብል ማዕሪጉን መልእኽቲ ብዝግባእ ተመሓላሊፉ።

ስለዚ ድማ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ከም መቐጸልታ ጨንፈር ትምህርቲ ኣብ ሰውራ መጠን ንኹሉ ወከሉ ልዑል ምስጋናኡ ይገልጽ።

**ዓወት ንሓፋሽ!**

**ቤት/ጽ/ህዝባዊ ርክባት ሚኒ/ትምህርቲ**

## ታሪኽ ትማሊና ቅርሲ ንወለድና

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓርነታዊ ተጋድሎኡ ዘመዝገቦ ዓወታትን ፍጻመታትን ዝምልከት ዝተፈላለየ ጽንብላት በበዕለቱን በበወርሑን ንጽንብል ኢና። እዚ ድማ፡ መርኣያ ናይቲ ምእንቲ ናጽነትናን ልኡላውነትናን ዝሓለፈ ታሪኽና ንምዝካርን ንምስናድን ከምኡ'ውን ነቲ ሕሉፍ ታሪኽና ናብ ሓድሽ ወለዶና ንምትሕልላፍ'ዩ።

ካብታ ሓርነታዊ ቃልስና ዝፈለምላ ዕለት፡ መስከረም 1961 ክሳብ'ታ ምሉእ ናጽነትና ዝተጓናጸፍናላ 24 ግንቦት1991 ዝተፈጸመ ናይ 30 ዓመታት ኣገዳሲ ፍጻመታት ሰውራና፡ በበዕለቱን ዕብየቱን ንጽንብል ኢና። እዚ ጽንብላት'ዚ ድማ ናቱ ፍሉይ መልእኽቲ ኣለዎ።

ንኣብነት እታ 49 ዓመታት ብ22 መጋቢት 1977 ሓንሳብን ንሓዋሩን ሓራ ዝወጸት ከም ትእምርቲ ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ፡ ኣብ 22 መጋቢት 1984 ዝተደምሰሰ ብውቃው እዝ ዝፍለጥ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ንኣስታት 5 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ፡ ብ19 መጋቢት 1988 ኑቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ንኣስታት 10 ዓመታት ዓሪዱ ዝነበረ 1988 ብናደው እዝ ዝፍለጥ ሰራዊት መግዛእቲ ዝተደምሰሰሉ ናደው እዝ ከምኡ'ውን ኑቲ ዓበ ናጽነት ዘርሓወ፡ ብ10 ለካቲት ዝተፈጸመ ብስርሒት ፈንቅል ዝፍለጥ ዓቢ ዓወት፡ ብዓበኡ ድማ ምሉእ ናጽነትና ዝተጓናጸፍናላ 24 ግንቦት1991 መዓልቲ ናጽነትን 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት እንዝክረሉ ሰውራውን ሃገራውን ታሪኽ ንዝክር ኣሎና ማለት'ዩ።

ዝ በዓላት እዚ ኣብ ንጽንብሎ እዋን ንድሕሪት ተመሊስና ታሪኽ ጅግንነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ክንዝክር፡ ብእኡ ክንሕበንን ክንኹርዕን ግድነት'ዩ። እዚ ጽንብላት'ዚ፡ ንስለ ጽንብል ዘይኮነ ታሪኽ ዘውርሰን ጅግንነት ዘሰንቕን ታሪኽ'ዩ።

እቲ ኣብዚ ዝሓለፈ መስከረም ዝተጸንበለ ንመበል 50 ዓመት ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ድማ፡ ሓደ ካብኡ'ዩ። እዚ ጽንብል'ዚ ብዙሕ ተኸፊሉና ዝበረን ዘይንፈልጦ ዝተበርበረሉ ታሪኽ ካብ ታሪኽ ሰውራና'ዩ። ምኽንያቱ እታ ኣብ መፋርቕ 70ታት ኣብቲ ጭው ዝበለ ጸምጸም በረኻታት ሰሜናዊ ሳሕል ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ ሰውራ፡ ህዝባዊ ሓይልታት ኾነ ህላወኡ ንኽረጋግጽ ዝቃለሰሉ ዝነበረ እዋን ክትምስረት ከሎ ሽው ሕልሚ ይመስል ነበረ። የግዳስ እታ መሰረት ሃገራዊ ካሪክለምን እምነትርናዕ ሃገራዊ ትምህርቲ ኤርትራን ዝኾነት ቤት ትምህርቲ ዘፍረየቶ ፍረ ቀሊል ኣይነበረን።

ስለዚ ብዓለ'ዚ ዝተጉበረ ጽንብል ዝኽሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብዙሕ ዘይንፈልጦ ዝበርና ታሪኽ ክንፈልጥ ክኢልና። ምኽንያቱ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብሓደ ልሙጽ መንገዲ ትኸይድ ዝነበረት ዝመስለኩም ኣይሰኣኑን። ግን ከምቲ ብመምህራን ኣለይትን ተማሃሮን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብመራኸቢታት ብዙሓን ዝተኸታተልናዮ መስርሕን እቲ ንህላወኣ ዝተሓለፈ መሪር ጉዕዞን ማሰገደልን ጽንኩርን በዓሀን ከም ዝነበረ ክንርዳእ ክኢልና።

በዚ ኣጋጣሚ፡ መንግስቲ ኑቲ ጽንብል ኣገዳስነቱ ብምርኣይ፡ ዓቢ ኣቓልቦ ሂቡዎ፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝነበር ህዝቢ ኤርትራ ድማ ብዝተገዳስነት ጸንቢሉዎ። እቲ ኣብ ዘቡ ሰውራ ዝተሳእለ ኣብ ክብሕታት ሚኒስትሪ ዜና ሰፊሩ ዝበረ ታሪኻዊ ኣሳእልን ተንቀሳቃሲ ቪድዮታትን ድሕሪ ባይታ ናይታ ቤት ትምህርቲ ዝገልጽ'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ኑቲ ጽንብል ንምድማቕ ዝጸዓተ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኑቲ ዝሓንጸጾ መደባት ምድላው መጽሓፍ፡ ምርኢት ስእሊ፡ ሰሚናራት፡ ካርኒቫላት፡ ኮንሰርትታታት ወዘተ ብምውዳብ፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ካብኡ ዝደለ መምሃራንን ተማሃሮን ቤት ትምህርቲ ሰውራ ነበር ብምድላው፡ ሚኒስትሪ ዜና ድማ ኑቲ ሕሉፍ ኣካል ታሪኽ ሰውራና ዝኾነ ታሪኽ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናብ ሰሚዕትን ተዓዘብትን ኣንበብትን ብምብጻሑ . . . ኩሉ በበመዳዩ ክምስገን ይግባእ።

ምኽንያቱ ታሪኽና እናተወራረሰን እናተመሓላለፈን ዝኸይድ ታሪኽ ወለዶታት ካብ ኮይኑ ከምቲ ተጀሚሩ ዘሎ፡ ኣብርንቱ ዘረጋግጽ መጽሓፍቲ ክጽሓፉ፡ ዝተጻሓፈ ብዋዕላ ናብ ሓድሽ ወለዶ ክመሓላለፍን እቲ ግዜ ሕጂ'ዩ። ግዜ ብዝኸደ እቶም ፈጸምቲ ታሪኽ እናሓለፉ'ዮም ዝኸዱ ዘለዉ። ምስ እርጋንን ምርሳዕን ድማ እቲ ህያው ታሪኽና ከይተመሓላለፈን ከይተሰነደን ክተርፍ ይኽእል'ዩ። ስለዚ ከይተሓለልና ታሪኽ ትማሊና ናብ መጻኢ ወለዶና ክነመሓላልፍ እቲ ግዜ ሎሚ'ዩ።

እዚ በበጽዋጉ ብህዝባዊ ግንባር ዝዓሎን ብኣሕተምቲ ሕድሪን ብዋዩሳት ውልቀሰባትን በበጽዋጉ ዝሕተምን ዘሎ መጽሓፍቲ ታሪኽናውን ጸቡቕ ኣብነት ናይቲ ኣብ ምስናድ እንወስዶ ዘሎና ቅዱስ ተበግሶታት'ዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ብቤጨ/ምርምርን ሰነዳን ቤ/ጽ/ሓ/ጠቕላሊ ስታፍ ሓ/ምክልኻል ኤርትራ ዝሰነደ ዘሎ ታሪኽ ኣሃዱታት ሰውራና፡ ብመልክዕ ሰነዳውያን ፊልምታት ወዘተ ዝሰራሕ ዘሎ ሰውራዊ ፊልምታት መርኣያ ናይቲ ኣብ ምዕቃብን ምስናድን ታሪኽና ንገብሮ ዘሎና ተበግሶታት'ዩ። ከምስጋንን ክድፋኣሉን ድማ ይግባእ።

ካልእ እቲ ብጋጥሚ ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ብሓልዮት ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ብጾዕሪ ኣባላት ሚኒስትሪ ዜና ዝተዳለወ ስእላዊ ኤግዚብሽን፡ ምስቲ ተጻሒፉሉ ዘሎ ሓበሬታ (captions) ሓድሽ ወለዶ ክምሃረሉ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ግዜ ዓበይቲ በዓላትን ፈስቲቫላትን ከም ዝርኢ እንተ ኮይኑ ድማ ኣብ ዞባታት ዕድቲ ተገይሩ ህዝቢ ክዕዘቦ እሉ፡ ምኽንያቱ ካብቲ ስእልታት ጥራይ ተበጊሶካ ንታሪኽ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝገልጽ ዓቢ መጽሓፍ ክጽሓፍ ስለ ዝኽእል።

ኣብ መጠረሽታ ርእይቶይ ከጠቓልል፡ ዝመጽእ ወርሒ መጋቢት 2027 ዝኽሪ መበል 50 ዓመት ሓርነት ናይታ ምልክት ጽንዓት ርእሲ ከተማ ገድሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነት ናቕፋ ምኳኑ ዘኪርና ኣሎና፤ እወ ናቕፋ ድማ ምልክት ጽንዓት ህዝቢ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነት ሓወልትን ቤት-መዘክርን ሰውራና'ውን እያ። ስለዝኾነ ድማ በዚ ኣጋጣሚ ናይቲ ፍርቂ ዘመን ዝጸሓ ዝኽሪ ሓርነታ ገለ ካብ ታሪኽ ሰውራና ክበርበረሉ ንጽቡ፡ ምኽንያቱ ታሪኽ ትማሊና ቅርሲ ንወለድና ስለ ዝኾነ።

**ግዱስ ካብ ከረን**




ካርኒቫል ዝኽሪ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ሓድሽ ወሎዶ

## ናብ ዓምዲ ካብ ታሪኽ ሰውራና

ተጋደልቲ ኣብ ሜዳ ሰላምታ ክለዋወጡ እንከለዉ 'ወርቂ' ይብሉ ነይሮም። ካብ ወርቂ ዝበልጽን ዝጽብቐን እንታይ ከይህሉ። ኣብ 2026 ሰፊሕ ሽፈነ ተዋሂብዎ፡ ኣቓልቦ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ውሽጥን ወጻኢን ዝሰሓበ፡ ጽንብል ምምስራት ቤት ትምህርቲ ሰውራ 1976-2026 ወርቃዊ ኢዮቤልዩ ከም ዕድመኡ ወርቂ ኮይኑ ሓሊፉ። እዚ ጽምብል'ዚ፡ ኩሎም ኣካላት ብዘገብርዎ ጻዕሪ እዩ ብልዑል ፍናን ክጽንበል በቒዑ። ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን፡ ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሽድሽቲኦን ዞባዊ ምምሕዳራት፣ እቲ ጽንብል ብኹሉ እንትናኡ ደሚቑ ክጽንበልን ኩሉ ዜጋ ክሳተፎን እጃም ኣምበሳ ዝተጻወቱ እዮም። ካብ'ዚ ብዘይፍለ እቶም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ዘለዉ ኤምባሲታትን ቈንስላትን፡ ወከልቲ ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ ሃማመተኤ ወዘተ. ዝተጻወትዎ ዕዙዝ ተራ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ኣይግባእን።

ሚኒስትሪ ዜና፡ ነዚ ጽንብል ክንዮ ምዝካር ታሪኻዊ ትሕዝቶኡ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻኢ ናብ ህዝብን ወረስትን ክሰርጽ፡ ዓበይቲ መደባቱ ኣወንዚፉ ብሬድዮ፡ ቴለቪዥንን ጋዜጣን ዝገበሮ ኩለንትናዊ ጻዕሪ እምብዛ ጉሉሑን ግዙፍን እዩ። ስለዚ ኣድናቖተይ ንሚኒስትሪ ዜና ልዑል'ዩ፡ ኣገናዕ ክብሎ እንከለኹ ድማ ይንእሶ እምበር ኣይዓብዮ'ዩ'ሞ ኣገናዕ!

**የቐንየልና ሚኒስትሪ ዜና**

**እሙና ሳልሕ**

**ካብ ኣስመራ**

## መልሲ ናይ ዝሓለፉ ሕቶታት

1. ሓ/ ዓሪርብ 1987
2. ለ/ ክፍሊ ቁጠባ
3. ሓ/ ግህተብ ጭልሕንት
4. ሓ/ ቦታ ምልክት
5. ቤት ትምህርቲ ጸብራ (ናቕፋ)
6. 1. ቤት ትምህርቲ ስነ-ኪነት ዊና (ናቕፋ) 2. ቤት ትምህርቲ መዚቃ (ኣስመራ)
7. ሓ/ ትኹልን ኢንገልን
8. ሀ/1976-1977 (ካብ መወዳእታ 1978 ክሳብ 1979 ግን ኣብ ገልጠምጠምን ምዝላቕን ነበረ። እቲ ካብ ዜሮ ዝተበገሰ ነዊሕ ጉዕዞ ድማ፡ ክሳብ ጭልሕንት መሬት ሱዳን በጺሑ።)
9. ዶ/ር ሓሊማ መሓመድ ሚኒስተር ሚኒስትሪ ትምህርቲ




ምርኢት ኢግዚቢሽንን ጦብላሕትኡን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.**

**Port Maintenance technician**
**Number required – (01)**
**Type of contract – definite ( 2 years)**

**Major Duties and responsibilities**

- The Port maintenance Technician is responsible for leading and executing safe, high-quality maintenance activities within the Massawa port loading area to ensure plant reliability, availability, and ship loading performance.
- The role provides frontline maintenance of the Massawa port ship loading equipment including revolvers, cranes and coordinating vessel loading while maintaining operational readiness of the port equipment.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

- Lead all maintenance activities in strict compliance with site HSE standards and statutory requirements.
- Enforce safe work practices including isolations, permits, lock-out/tag-out, and confined space entry.
- Ensure correct maintenance procedures are always followed.
- Participate in incident investigations, risk assessments, and safety improvements.
- Conduct toolbox talks and safety interactions regularly.
- Supervise day-to-day mechanical maintenance activities on Port loading equipment.
- Conduct daily pre-use inspections of revolvers, cranes, and auxiliary systems.
- Perform minor maintenance and coordinate with engineering teams for major repairs.
- Ensure maintenance tasks are executed to required quality and workmanship standards.
- Coordinate breakdown response and prioritize work to minimize plant downtime.
- Execute planned and preventive maintenance in accordance with the maintenance schedule.
- Work closely with Planning to ensure work orders, materials, and resources are available.
- Provide accurate feedback on job execution, durations, and defects.

**Profile: Qualifications and Experience**

| | |
|---|---|
| Formal Education, Certifications or Equivalents | • Mechanical trade qualification.<br>• Diploma or Advanced Diploma in Mechanical Engineering (desirable).<br>• Electromechanical or Diesel Plant Fitter qualification will be a huge advantage. |
| Working Experience – Nature & Length | • Minimum 5–10 years' experience in port and port loading equipment<br>• Very good understanding of hydraulic/ pneumatic circuits and the reading of hydraulic/ pneumatic drawings. |
| Technical Skills | • Computer Literacy<br>• Problem solving and solution implementation.<br>• Experienced with maintenance and repairs of Diesel driven dewatering pumps.<br>• Experienced in overhauling slurry pump wet ends<br>• Experience on maintenance of slurry, spillage pumps and staged container pumping.<br>• Awareness of geotechnical and wall stability<br>• Exceptional understanding of drilling and blasting optimization in blast geometry |
| Behavioral Skills | • Strong commitment to safety and disciplined work practices.<br>• High-quality workmanship with attention to detail.<br>• Effective communicator with good interpersonal skills.<br>• Resilient, adaptable, and able to work in multicultural and challenging environments.<br>• Team player with mentoring and coaching mindset.<br>• Proactive, initiative-driven, and focused on continuous improvement.<br>• Reliable, accountable, and able to work independently when required.<br>• Must be able because of his challenging circumstances to think outside the box. |

**General Information and other requirements:**

- ☐ **Place of Work**: AMSC Sites
- ☐ **Type of contract:** definite Period ( 2 years)
- ☐ **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

☐ **Address: Please mail your applications to:**
**Asmara Mining Share Company,**
**P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**

☐ **Applicants shall be required to send a copy to:**
**Mineral Resources Management**
**P.O. Box – 272**
**Asmara**

☐ **Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment Permit Affairs,**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ዘ ዕ ባ – ሎ ሚ

## ህውተታ ስርዓት ብልጽግና

(2ይን መወዳእታን ክፋል)

ናህም ተስፋሚካኤል
ክፍሊ ምርምርን ሓበሬታን
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

### 3. ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ብልጽግና ንምዕዋት ኣጀንዳ ባሕሪ

"እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ቁጠባ ኢትዮጵያ ብዘይ ኣፍደገባሕሪ ትርጉም የብሉን፣ ኣብ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ዘጋጥሙ ሕልኽላኻት ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰሉት ዓበይቲ ሃገር ናይ ምፍትሑን ምቁጽጻሩን ሓላፍነት ክህልዋ ይግባእ" ዝብሉ ህውተት መግለጺታት ብስርዓት ብልጽግና ክጋዋሕጸኒሑ ኣሎ። ተቐባልነት ንምርካብ ምስ መሻርኽቲ ሃገራት ክሰርሑ ኣለዎ ተባሂሉ ከኣ ዳርጋ ብዘዕባዚ ዳርጋ መብርሂ ዘይተዋህበ ሃገር የላን።

ብልጽግና ምስ ኢማራት ዓረብ ዝፈጠሮ ዝምድና ብቐንዱ ነዚ ኣጀንዳዚ ንምስሳይ እዩ። ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ድማ ናይ ወደብ ሃጸይነት (port imperialism) ጥሙሕ ስለዘለዋ ነዚ ክሰልጥ ዝኽእል ዕሱብ ስርዓት ብልጽግና ኮይኑ ረኺባቶ። እልቢ ዘይብሉ በልዮናት ዶላራት ኣመራኣ እናዝበት ድማ ነዚ ዝዝብዕ ጉዳይ ክዉን ንምግባሩ ጸዕቕ ምንቕስቓስ ተካይድ ኣላ። ብልጽግና ነተን ካብ ኢማራት ዝረኸበን ገንዘብ ኑቲ ኣብቲ ሃገር ባሉ ፈጠርዎ ዝርከብ ጸጥታዊ ዘይርጉእነት ኩናት ምስ ኣምሓራን ካልኦት ሓይልታትን ኣብ ምቅላስ የውዕሎ ኣሎ። ካልእ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ተጉዳስት ኣሕዴራ ዘላ እስራኤል እያ። እስራኤል ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እግራ እተንብረሉ ዕድል ንምርካብ ንነዊሕ ዓመታት ሰሪሓ እያ። ንሶማሊላንድ ከም ሃገር ኣፍልጦ ምሃባ ምስቲ ዝበራ ጥሙሕ ቀጥታዊ ምትእስሳር ዘለዎ'ዩ። ብልጽግና ካብ ኢማራትን እስራኤልን ሓሊፉ ምስ ፈረንሳውን ኣብዚ ጉዳይ'ዚ እጃማ ክተብርክት ብተደጋጋሚ ክጽውዕ ጸኒሑን ኣሎ። ስርዓት ብልጽግና ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ኣብ ምዕዋት ናይዚ ኣጀንዳዚ ውዒ ምፍኑ እዩ ዝገልጽ። እንተኾነ ሓደ ክልተ ሃገራት ጉዲፍካ ዝበዝሓ ሃገራት ኢትዮጵያ ንመሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገራት ክተኽብርን ብኣህጉራዊ ሕግታት ክትቅየድን እያን ዝምጉታ።

### 3.1 ውድብ ሕቡራት ሃገራት

ብልጽግና ንመሰረታዊ ኣዕኑድ ቻርተር ሕቡራት ሃገራት ዝጻረር ምንቅስቓስ ማለት ንመሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ስጉምቲ እናወሰደ፥ ብኣንጻሩ ብደረጃ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢትዮጵያ፥ መንግስቲ ኤርትራ ምስ ትግራይ ሓቢሩ ክወቕዓና ይዳሎ ኣሎ ዝብል ናይ ሓሶት ክሲ ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ምስዳዱ ኣይርሳዕን። ብልጽግና ኣብ 2024 ምስ ሶማሊላንድ ዝፈጸሞ በይናዊ ውዕል ማዕከር ንመሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሶማል ዝጻረር፡ ነዚ ዞባ ድማ ናብ ዘይዓርፍ ቅልውላው ከምርሕ ዝኽእል እዩ። ሓሊፉ ንወደብ ዓሰብ ኣካል ኢትዮጵያ ንምግባራ ዝተብሮ ዘሎ ሃቐነታት ከኽትሎ ዝኽእል ሳዕቤን እውን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ብልጽግና ናብ ሕቡራት ሃገራት ዝሰደዶ ደብዳቤ ከኣ ኑቲ ኣንጻር ኤርትራ ዝእውጆ ኩናት ሕጋዊ ንምምሳሉ ዝዓለመ እዩ።

### 3.2 ሕብረት ኣፍሪቃ

ስርዓት ብልጽግና ኣብ ዝረኸቦ ኢጋጥሚታትን ደግሲትን ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ክልዕሎን ንዓለም ማስተንፈሲ ሰኢንና፥ ተዓጺና እናበለ ኣብ ባይታ ዘየለ ነገር ከዘንቱን ናይ ሓሶት ትረኻታት ከውሕዝ ምጽንሑን ዝፍለጥ እዩ። ኣብ መበል 39 ኣኼባ ሕብረት ኣፍሪቃ፥ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብዩ ኣሕመድ ዘቕረቦ መደረ መቐጸልታ ናቱ እዩ። ስርዓት ብልጽግና እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ብዝሒ ህዝቢ ምስ ቅልጡፍ ቁጠባዊ ዕብየት ተደማሚሩ ምህላው ኣፍደገ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ወሳኒ ሕቶ ይኸውን ከምዘሎ ንሕብረት ኣፍሪቃ ክገልጽ ጸኒሑን ኣሎ። ዝያዳ ተቐባልነት መታን ክረክብ ድማ ብዙናጸል ንመራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ናብ ኣዲስ ኣበባ ብምዕዳም ኑቲ ኣብታ ከተማ ጥራይ ተሓጺሩ ዝርከብ ዓይኒ ዝደጉሕ መበራህትታት ብምርኣይ ዚ ምዕባለ ንምድራዕ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ወሳኒ እዩ ዝብሉ መግለጺታት ክህብ ይሰምዕ። ሕብረት ኣፍሪቃ ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዓንዳሪ ስጉምቲ ብትሪ ክኹንኖ ኑቲ ዝቐመሉ ዕላማ ደው ኩብል መዓዲ ዘየድልየ ጉዳይ እዩ።

### 3.3 ዞባዊ ውድብ ኢጋድ "መጋበርያ" ብልጽግና

ን27 ዓመታት ኣካል መጋበርያ ፖለሲታት ኢትዮጵያ ኮይኑ ዝጸንሐ ዞባዊ በይኑመንግስታዊ ውድብ ኢጋድ፥ ጠንቂ'ቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝተጋህደ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ዘይምርግጋእ ምፍታሕ ኣይዘንጋዕን። ኢጋድ መጋበርያ ብምዃኑ፥ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሃገራት'ዚ ዞባ ጣልቃ ክትኣቱ ቀጢልያ መብራህቲ ሂብዋ እዩ። ከምዝፍለጥ ኣብርክቶ ኤርትራ ኣብ ምምሳራትን ዳግም ምትዕርራይን'ዚ ውድብ እወታዊ እዩ ነይሩ። ኢጋድ ማሰረት ዞባዊ ሽርክት ብምዃን ጎረባብቲ ሃገራት ሓድሕድ ክተሓጋገዙሉ ዘኽእለን ቅርጺት ክኸውን ተሓሰቡ ነይሩ። እንተኾነ ንኤርትራ ንምንጻል ዝተሃንደሰ ግጉይ ፖለሲ መተግበሪ እዩ ኮይኑ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኣበረ ዘይሕጋዊ እገዳ ብመገዲ ኢጋድ ከምዝቐርብ እዩ ተገይሩ። ድሕሪ'ቲ ኣብ 2018 ኣብ ኢትዮጵያ ዝመጸ ለውጢ፥ ብወገን ኤርትራ እቲ ኩነታት ተቐይሩ ስለ ዘሎ ሃናጺ ተራና ኣብቲ ውድብ ብዝሓየለን ዝተወደበን መገዲ ክንጻወት ዝብል ተበግሶ ተወሲዱ። ይኹን እምበር ስርዓት ብልጽግና ናብ ካልእ ሓሸውየ ብምእታው እቲ ኩነታት ካልእ መልክዕ ክሕዝ ተገዲዱ።

### 3.4 ብሪክስ

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ስርዓት ብልጽግና ኣብ ዓበይቲ ምትእኽኻባት ከይተረፈ፥ መሰል ኣፍደገ ባሕሪ ተኻፊገና በዲኹም ዓገብ በሉልና ዝብል ብኽያት ዝተሓወሶ ቁዘማ በበእዋኑ ከሰምዕ ጸኒሑ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ህውተት ስትራተጂ ኣብ ኣኼባ ኣባል ሃገራት ብሪክስ ሕቶ ቀይሕ ባሕሪ ብወገን ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ ግዜ ይልዓል ኣሎ። ኢትዮጵያ ኑቲ ጉዳይ ኣህጉራዊ መልክዕ ንኽሕዝ ከም ብሪክስ ዝመሰለ ምትእኽኻብ ወሲ ምፍኑ ብምእማን ጸዕቕ ናይ ሓሶት ዘመት ተካይድ ኣላ። እቲ ከም ጉልባብ እተቕርቦ ምኽንያት ድማ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ምውሓስ እጃማ ንኽተበርክት ኣፍደገ ክርሓወላ ዝብል እዩ።

### 1. ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኩነታት

ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ኩነታት ሕልፊ ካልእ እዋን ኣዝዩ ኣሻቓሊ እዩ። መብዝሕትኦን ሃገራት ዓለም ኣብ ወግዓዊ ገጾት ናይ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣገልግሎት ቆንስል፥ ዜጋታተን ናብ ኢትዮጵያ ካብ ምኻድ ክቚጠቡ የጠንቅቓ ኣለዋ። ኣብዘን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ናብ ዝኸፍአ ደረጃ ወዲቑ ይርከብ። ስርዓት ብልጽግና ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ኣንጻር ገዛእ ህዝቡ ኩናት የካይድ ኣሎ። ኣብ ክልል ትግራይ፥ ኣምሓራ፥ ኦሮሞ፥ ሶማል፥ ዓፋር፥ ህዝብታት ደቡብን ዝኸፍአ ኩነታት ንሰዝብ ኣለና። ህዝቢ ዚ ብብልጽግና ተኣዊጁዎ ዘሎ ኩናት ንምብርዓን ኪዳን ፈጢሩ ይቃለስ ኣሎ። ብልጽግና ኣብ ኢትዮጵያ ብሄራዊ ምትፍናንን ከምዝሰዕብ እዩ ገይሩ። ፖለቲካዊ ኣቃውማ ኢትዮጵያ ሰንኮፍ ክኸውን ዝኸኣለ ኣብ ኣተሃናንጻ ሃገራዊ መንነት ብዘተፈጥረ ጸገም'ዩ። ነዚ ሃንፍ'ዚ ናብ ጥቕሙ ከውዕል ዝዘጠነ ብልጽግና ብጋጉይ ዝኾነ ፖለሲ ንብሄራት ኢትዮጵያ ብዘይጥዕም መገዲ'ዩ ክቕልሶ ዝርአ ዘሎ። ከም ወጽኢቱ ድማ ሃገራዊ ራእይ ዘይውንን ንቕልቀል ዘተፋንን ፖለቲካዊ ስርዓት ኣብ ኢትዮጵያ ተመስሪቱ ብኣጸባ ዝቑጸሩ ግዱናት (elite) ክረብሑ ደረኣዩ ኣለዉ። ብልጽግና ዝፈጠርዎ ጸገማት ንኢትዮጵያ ዓቢ ግድል ኮይናም ይቕጽሉ ኣለዉ። ብልጽግና ብሰፊሑ ዘዕነኖሎ ሱሓሳብ "ምደማር" ካብ ጸወታ ህዝባዊ ርክብት ዘይሓልፍ ንይምሳል ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋር ዝመጸ እዩ።

### 2. ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት

ቁጠባዊ ኩነታት ኢትዮጵያ ኣዝዩ ኣሰካፊ እናኾነ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ፥ ብደረጃ ሚኒስተር ፋይናንስ ዝተመርሐ ኣብ ዳግመ ምትዕርራይ ሃገራዊ ዕዳ ኢትዮጵያ ዝቐንዐ ዝርርብ ክቅጽል ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ። ብልጽግና ኑቲ ቀንዲ ማሕንቖ ቁጠባ ሃገር ኮይኑ ዝኸይድ ዘሎ 60 በልዮን ሃገራዊ ዕዳ ፍታሕ ከምጽኣሉ ኣይኽኣለን። ብኣንጻሩ መጠን ዕዳ እታ ሃገር እናወሰኸ ይኸይድ ኣሎ። ካብ ዓለምለኻዊ ማዕከን ገንዘብን ባንክ ዓለምን ኣብዘን ዝሓለፋ ሽዱሽተ ኣዋርሕ 261 ሚልዮን ዶላር ኣመራኣ ተረኺቡ ኣሎ። ቁጠባ ኢትዮጵያ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝተረዓመ ሓሳቓት ቅድመኩኑት ኑታ ሃገር ናብ ክትወጾ ዘይትኽእል ዓዘቕቲ ሸሚምዋ ይርከብ። ብኻልእ ሸነኽ ብልጽግና ብሰንኪ ዝኸተሎ ዘይቅርዑይ ኣካይዳ ወጻኢታት መንግስቲ ክዓብን (ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ንመጀመርያ ግዜ ዝጸደቐ 2.34 ትሪልዮን ብር ባጀት) ኣብ ዝተፈላለዩ እትዋት መንግስቲ ልዑል ድግማታት ክዝበርን ተቐሲቡ ኣሎ። ሓይሊ ዓቕሚት ባጤራ ብር ኣንቆልቂሉ ክብሪ መብቦር ህዝቢ ኣብ ዘዩጻር ደረጃ ስለዝበጽሖ፥ ነዚ ፋይናንስያዊ ሕጽረት ንምፍዋስ እቲ ስርዓት ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ከይዱ ገንዘብ ክልምንን ልቓሕ ክሓትትን ልሙድ ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ።

ምስዚ ብዘተኣሳሰር ሃብቲ'ታ ሃገር ብጾበእ ክምቀራሕ ብዘይምኽኣሉ ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን፥ ከተማን ገጠርን ክልላት፥ መንግስታውያንን ብሕታውያን ወሃብቲ ኣገልግሎታት (ትምህርትን ጥዕናን) ዝርአ ናይ ናብራ ፍልልይ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢ ኢትዮጵያ ንሕሰም ተቓሊዑ ይርከብ፥ ብረድኤት ዝነብር ቁጽሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ 21.4 ሚልዮን፥ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ተፈናቒሉ ዝርከብ ህዝቢ 4.5 ሚልዮን፥ ካብ መኣዲ ትምህርቲ ርሒቖም ዘለዉ ህጻናት 8.32 ሚልዮን፥ ስራሕ ዘይብሎም ዜጋታት ኢትዮጵያ ልዕሊ 5 ሚልዮን ይበጽሑ።

### 2.1 ቀንዲ ማሕንቖታት

ጉዳይ ቀይሕ ባሕሪ ምልዓል ዝተደለየሉ ምኽንያታት ብዙሕ እኳ እንተኾነ ሓደ ካብኡ እዋናውያን ማሕንቖታት ኢትዮጵያ ግቡእ ዝኾነ መልሲ ክረኽብ ዘይምኽኣሉ እዩ። ገለ ካብኣቶም ንምጥቃስ ዝኣክል፥

ዘይምዕሩይ ምቕርሓ ጸጋታት፥ ሃብቲ'ታ ሃገር ብጾበእ ክምቀራሕ ብዘይ ምኽኣሉ፣ ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን፥ ከተማን ገጠርን ክልላት፥ መንግስታውያንን ብሕታውያን ወሃብቲ ኣገልግሎታት (ትምህርቲን ጥዕናን) ዘሎ ናይ ናብራ ፍልልይ ኣዝዩ ገፊሕ እዩ። ቀረብ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዳርጋ የለን።

ብልሽውናን ሳዕቤናቱን፥ ሱር ዝሰደደ ብልሽውና፥ ኣብ ኩሉ ጽፍሕታት መንግስቲ ኣሎ። ፊናንሳውያን ትካላት፥ ኣብያተ ጽሕፈታት መንግስቲ፥ ትካላት ጸጥታ፥ ትምህርቲ፥ ሕጋዊ ጉዳያት፥ ሕክምናዊ ጉዳያት፥ ጉዳይ መሬት፥ ኣታዊ ውሽጢ ሃገር፥ ምምሕዳራት፥ መዘኑዩም ተጠቒሞም ረብሓታት ከኻዕብቱ ዝደልዩ ሓለፍቲ ብብዙሒ ዝርከብሉ ትካላት እዩ። ዓበይቲ ኮርፖረሽናትን ፕሮጀክትታትን ኣደዳ ብልሽውና ኣሰራርሓ መንግስቲ ኮይነን ጸኒሐን እየን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ዚ ንምፍዋስ ሓንቲ ኮሚተ ምቛሙ ዝዘከር እኳ ኮይኑ ዛጊት ዝጥቀስ ውጽኢት ከተምጽእ ኣይከኣለትን።

ዝቐባቡ ጸለም ዕዳጋ ኣብ ኣዝዩ ዘተሓሳስብ ደረጃ በጺሑ ይርከብ፥ መንግስቲ ዚ ሸቐራት'ዚ ንምፍታሕ ዝርኣዮ ተበግሶ ዝጥቀስ ፍረ ኣይተረኽቦን። ብደሞዝ ዝነብሩ ዜጋታት ኢትዮጵያ ዝኸበደ ማኅበር ክሕልፉ ተቐሲቦም ኣለዉ።

ሃገራዊ ዕዳ፥ ሃገራዊ ዕዳ ኢትዮጵያ ሓደ ካብቲ ቐንዲ ማሕልኾ ኸኒጋስ ቁጠባዊ ዕቤት ሓዲሽ መራሕትት ኮይኑ ይቐጽል ኣሎ። ኢትዮጵያ 28.1 በልዮን ዶላር ኣመራኣ ናይ ደገ ልቓሕ ክህልዋ ከሎ፥ ውሽጣዊ ዕዳ ድማ 1.5 ትሪልዮን ብር ከምዝለዋ ይፍለጥ።

### 3. ኣሃዛዊ ሓበሬታ ወድዓዊ ኩነታት ኢትዮጵያ

ብልጽግና ዘልዓሎ ኣጀንዳ ባሕሪ ቀንዲ መንቀሊኡ ካብ ዘቤታዊ ሽግራት ንምምላጥን ናይ ግዳም ሓይልታት ዛዕባ ንምስሳይን እዩ። እንተኾነ ንኣህጉራዊ ሕግን ኣዕኑድ ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ስለ ዝጻረር ተቐባልነት የብሉን። ኣብ ሰሌዳ ቀረብ ዘሎ ኣሃዛት ኑቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተኸሲቱ ዘሎ ከሉ መድያዊ ውድቀትን ወድዓዊ ኩነታትን ዘጸር እዩ–

| ተ.ቁ | ወድዓዊ ኩነታት ኢትዮጵያ | ብዝሒ ቁጽሪ |
|---|---|---|
| 1. | ህጹጽ ተጸባዪ ረድኤት | 21.4 ሚልዮን |
| 2. | ኣብ ህጹጽ ትጽቢት ረድኤት ዝርከቡ ህጻናት | 12 ሚልዮን |
| 3. | ኣብ ውሽጢ ሃገር ተፈናቒሎም ዘለዉ ዜጋታት | 4.5 ሚልዮን |
| 4. | ካብ መኣዲ ትምህርቲ ተገሊሎም ዘለዉ ቆልዑ | 8.32 ሚልዮን |
| 5. | ዝዓነዉን ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝኾኑን ኣብያተ ትምህርቲ | 12,000 |
| 6. | ትሕቲ መስመር ድኽነት ዝነብሩ ዜጋታት | 24 ሚእታዊት |
| 7. | ትሕቲ 3 ዶላር ኣታዊ ዝረኽቡ | 36.6 ሚእታዊት |
| 8. | ኣብ ሕሱም ድኽነት ዝነብሩ | 68.7 ሚእታዊት |
| 9. | 2025 ንግዳዊ ንጥፈታት ከካይዳ ተመዝጊበን ዘይሰርሓ ትካላት | 80 ሚእታዊት |
| 10. | ንግዳዊ ንጥፈታት ከካይዳ ዝተመዝገባ ዘንስሓባ ትካላት | 470,000 |
| 11. | ዝጠኸነ ናይ ስራሕ ዕድላት | 4.7 ሚልዮን ህዝቢ |
| 12. | ሃገራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ዘጋጠሞ ክሳራ | 2.6 ቢልዮን ዶላር |
| 13. | ሃገራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ዘጋጠሞ ጠቕላላ ክሳራ | 428.56 ቢልዮን ብር |
| 14. | ሃገራዊ ባንክ ኢትዮጵያ ኣብ ሽያጥ ወርቂ ዘጋጠሞ ክሳራ | 57.2 ቢልዮን ብር |

### 4. መደምደምታ

ኣብ ሓምለ 2018 መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ድሕሪ ምኽታሞ፣ ካብ ክልቲኦም ህዝብታት ሓሊፉ ኣብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ጎደና ምዕባለን ብልጽግናን ዝወስድ ተስፋ ፈጢሩ ነይሩ። ሕጂ'ውን ህዝቢ ኤርትራ ከም ቀደሙ መሰረቱ ብምድልዳል፥ ኑቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘይውክል መገዲ ብምንጻግ፥ ኣብ መንጎ ኣህዛብ ዞባና ሓድሕዳዊ ምኽብባርን ምትእምማንን ንምፍጣር ይጽዕር ኣሎ። ልኡላውነት ኤርትራ ብዝኾነ መገዲ ዝልወጥ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ህድኣትን ዓቕልን ከድሊ እዩ። "ግዜ" ንረብሓ ኤርትራ ስለ ዝዮጽ፥ ሕጂ'ውን ፍታሕ ናይቲ ጉዳይ ንግዜ ጉዲፍካ መሰርዐኻ ገጥ ኣቢልካ ከም ወትሩ ንኹሉ እንተታት ብንቕሓት ድሉው ምዃን የድሊ።

# ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል - ግጥማት ኩዕሶ ሰኪዔት ቀዳማይ ዙርያ ተዛዚሙ




ብክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል ዝቐደድ ዘሎ፡ ውድድር ቀዳማይ ዙርያ ኩዕሶ ሰኪዔት (3ብ3) ተዛዚሙ።

በዚ መሰረት፡ ብሓሙስ ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ዒታሮ ንኣቡሓሪ 7ብ3፡ ዓራግ ንሓለቡት 2ብ0፡ ሂምቦል ንዋልታ 16ብ11፡ ኣቡሓሪ ንሳቡር 16ብ5፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዒታሮ ንኣቡሓሪ 19ብ9፡ ዓራግ ንሓለቡት 17ብ16፡ ሂምቦል ንዋልታ 13ብ10፡ ሳቡር ንኣቡሓሪ 22ብ11 ኣሰሪፈሎአን።

ብዓርቢ ድማ፡ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዒታሮ ንዋልታ ብ"ፎርፋይት" ክትስዕር ከሎ፡ ኣቡሓሪ ንዓራግ 13ብ4፡ ሂምቦል ንሳቡር 8ብ4፡ ሓለቡት ንዒታሮ 9ብ7፡ ዓራግ ንዋልታ 14ብ0፣ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ዒታሮ ንዋልታ 14ብ6፡ ዓራግ ንኣቡሓሪ 21ብ13፡ ሳቡር ንሂምቦል 20ብ19፡ ዒታሮ ንሓለቡት 19ብ17፡ ዓራግ ንዋልታ 16ብ9 ሰዒረሎአን። እዚ ውድድር ሰሉይን ሰለሰን ብዝቐደዱ ናይ ካልኣይ ዙርያ ውድድራቱ ክዛዘም እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ብዓርቢ ኣብ ዝተኣንገደ ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ፡ ሓለቡትን ሂምቦልን ኣብ ዝቐደደኦ ጸወታ፡ ሂምቦል ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ብመገዲ ተመሳሳን እስቲፋኖስ ሽቶ ብምርካብ ንጸወታ መሪሓቶ። ኣሰልጣኒኣ መርሃዊ በረኸትኣብ ብቀይሕ ካርድ ዝተባረረ ሓለቡት እውን ነጥቢ ክትማቐል ጸዒራ - ኣይሰለጣን። ብሂምቦል 1ብ0 ተሳዒራ። ቢንያም እምሃ ናይ ሂምቦል ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ግጥም ተሰምዩ።

ዒታሮ ንዓራግ ዓዲማ ዝቐደደቶ ጸወታ፡ ዓራግ ቅድሚ ዕረፍቲ ዝሓለፈ ምንቅስቓስ ከተርኢ ድሕሪ ምውዓል፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ብመገዲ ኣናኤል መሉጌታ ሽቶ ብምርካብ 1ብ0 ብምዕዋት፡ ነጥባ ናብ ሓሙሽተ ክብ ኣቢላ። ኣናኤል ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

## ማድሪድ ፕረዚደንት ላሊጋ ስልጣኑ ክሓድግ ጸዊዑ



ቦርድ ስጳኛዊት ክለብ ሪያል ማድሪድ፡ ፕረዚደንት ላሊጋ ተበስ ብዝዛእ ፍቓዱ ካብ ስልጣኑ ክእለ ጸዊዑ። እዛ ጋንታ ነዚ ወግዓዊ ጻውዒት ተቕርብ ዘላ፡ ፕረዚደንት ላሊጋ ንፕሮፓጋንዳዊ መደበር ተለብዥገን ሪያል ማድሪድ ምስ ሚንስተር ፕሮፓጋንዳ ናዚ ጀርመን ዝነበረ ጆሴፍ ጎብልስ ከነጻጽሮ ድሕሪ ምፍታኑ'ዩ። ተበስ፡ እታ መደበር ተለብዥገን ንማድሪድ ወትሩ ከም ዝተበደለት ኣምሲላ ብምቕራብ፡ ዘየቋርጽ ብደላትን ጥርዓናት ከተቓልሕ ከምዝጸንሐት እዩ ወቒሱ። በዚ ድማ ምስ ማድሪድ ኣብ ዱቕ ዝበለ ቁርቁስ ተጸሚዱ ይርከብ።

ነዚ ሰዒቡ፡ ኣሰልጣኒ ማድሪድ ፖርቱጋላዊ ሆዜ ሞሪኖ ብወገኑ፡ ንተበስ ዘናሹ መግለጺ ኣብ ምንዛሕ ተጸሚዱ ምህላዉ'ዩ ዝሕበር። ሞሪኖ ኣብ ቃላቱ፡ "ተበስ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣነዋሪ መግለጺ ክሁብ ዘገርም'ዩ። ኣካይዳኡ ምስ ጥዕናዊ ጸገማት ብምዝማድ ጥራይ ድማ'ዩ ክምኽኖሉ ዝኽእል" ብምባል ክሰሃሎ ተሰሚዑ።

ኣብዚ ጉዳይ ዝርዝራዊ መግለጺ ክሁብ ፍቓደኛ ዘይኮነ ሞሪኖ፡ ብሓጻርቲ ቃላት ምውጋእ ዝመረጸ እንክመስል፡ ክንዮ ህልዊ ኩነታት እቲ ቁርቁስ ዝኸይድ መልእኽቲ ኣብ ምትሕልላፍ ይርከብ።

"ፕሮፓጋንዳዊ ኣገባብ ናይታ ቻነል ምስ ፕሮፓጋንዳ ናዚ ከተኣሳስሮ ምፍታን ተቐባልነት የብሉን" ዝበለት ማድሪድ፡ ነቲ ብተበስ ዝተዋህበ መግለጺ ኮኒናቶ።

ተበስ ብወገኑ፡ ነቲ ዘምለቐ ዘረባ ምኽንያት ንምግባር፡ ቅድሚ ሕጂ ፕረዚደንት ማድሪድ ፍሎረንቲኖ ፔረዝ "14 ዋናጩ ሊግ ክዕወት ይኽእል ነይረ። ይኹን እምበር ብዘተፈልየ ኣገባብ ካብ ተሰሪቐ" ክብል ገሊጹ ምንባሩ ይጠቕስ። እታ ቻነል ከምዚ ዓይነት ፕሮፓጋንዳ ምንዛሓ ድማ ካብ ስነ ሓሳብ ናዚ ዘተፈልየ ኣካዱዳ ከምዘይብላ ዘመልክት ምዃኑ ገሊጹ።

## ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ወግዓዊ መፋነዊ ተገይሩላ

ኣሚር ዓሊ

ስእሊ - ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ኮሚሽን ባህልን ስፖርት ኤርትራ፡ ካብ 21 ክሳብ 25 ጥቅምቲ ኣብ ኬንያ ከተማ ከሲሙ ኣብ ዝእንገድ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ፡ ንእትሳተፍ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ወግዓዊ መፋነዊ ትማሊ ቀዳም ገይሩላ።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዘስምዖ ቃል፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ዝምዝገብ ዓወት ሓደሽ ከምዘይኮነ ብምዝኻኻር፡ ተቐዳደምቲ ብኣሰልጠንቶም ኣለይቶምን ንዘውሃቦም ምኽሪን ማዕዳን ኣብ ግብሪ ብምውዓል፡ ነቲ ዝተለምደ ዓወት ክዕቅቡ ተላቢዩ። ኣምባሳደር ዘመደ ወሲኹ ተቐዳደምቲ ንህዝበ፡ ጥንዴራን ሃገርን ወከልቶም ይግዓዙ ምህላዎም ብምሕባር፡ ተቐራሪበሎም ዘሎ ምሉእ ናውቲ ጸወታ ብዮብእ ኣማሊኦም ውድድሮም ብምኽያድ፡ ዓወት ተቐዲቶም ክምለሱ ሰናይ ምንዮቱ ገሊጹ።

ኣሰልጣኒ እታ ጋንታ የናስ ዘርያስ ብወገኑ፡ ንምድላው ዝኸውን ግዜ እኳ እንተሓጸሮም፡ ንኽብሪ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ክትዕቅብ ዓቕሚ ዘለዋ ጋንታ ተዳልያ ምህላዋ ገሊጹ። ኻፍሲ ወከፍ ተቐዳዳማይ ድማ ንዓወት ሃገራዊት ጋንታ ኣበርክቶኡ ክዕዘዘ ደማ ተተሰፍዩ።


ስእሊ. ሄኖክ ተኽለገርግሽ

ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክብሩ ንምዕቃብ ምስዛ ሃገራዊት ጋንታ ተጠርኒፉ ዝርከብ ኦሎምፒኣዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ብዝገደኦ፡ ኣብ ውድድራት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ካብቲ ጉብለል ንምኻን እትኣትዎ፡ ክብርኻ ንምዕቃብ ክትኣቱ እንከለኻ እቲ ውድድር ዝያዳ ከምዘጸገመር ብምግላጽ፡ እዛ ተመሪጻ ዘላ ጋንታ ድሙ ኪጋጥማ ንዝኽእል ተጻብኦታት በዲሃ ብዓወት ክትዛዝም ልዑል ዓቕሚ ዘወሃት ምዃና ሓቢሩ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ፡ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ብ10 ተቐዳደምቲ ተወኪላ ክትወዳደር'ያ። ኦሎምፒኣዊ መርሃዊ ቅዱስ፡ ናታን መድሃኔ፡ ሄብሮን ብርሃነ ናሆም ዘርኣይን ኣብ ናይ ዓበይቲ፡ ዓወት ኣማኑ ያፈት መሉጌታ፡ ኤሽን የማኑ ንፍታሌም ኤፍሬም፡ ማሮን ምስየናን ሂያብ ሃብቶምን ድማ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዕድመ ተሓርዮም ኣለዉ።

እዛ ንመጠኑ ኮኾብ እዮብ ግክኢላ ማሳጅ ዑመር ነጋሽን ንጠርናፊ ጋንታ ቢንያም ምስየናን ኣብ ስታፍ ምስልጣን ሓቍፋ ዘላ ጋንታ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ናብ ኬንያ ኣምሪሓ።

ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ኬንያ ከተማ ነዋለ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ናይ ዓበይቲ ብመርሃዊ ቅዱስ፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ድማ ብዓወት ኣማን ዘውዲ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ደፊኣ ምንባራ ዝዝከር እዩ።

## ፊፋ ስልጠና ዳንነት ሂቡ

ላዕለዋይ ተጸዋዲ ኩዕሶ እግሪ ዓለም (ፊፋ) ምስ ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ብምውህሃድ፡ ካብ ትሽዓተ ክሳብ 13 ጥቅምቲ ኣብ ኣስመራ ንመንእሰያት ደያኑ ስልጠና ዳንነት ሂቡ።

ኣብቲ ብኢንስትራክተራት ቴክኒክን ዳንነትን ፊፋ ምስራዊ ታምር ዶሪን ቱኒዝያዊ በላከር ሃናቺን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝተዋጽኡ ሓሙሽተ ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 30 ደያኑ ተሳቲፎም።

እቲ ስልጠና፡ ንምሕደራ ግዜን ሓበራዊ ስራሕን፡ ፍልስፍና ኣካላዊ ብቕዓት ፊፋ፡ ታክቲካዊ በደላት፡ ንምትእትታው (VAR) ቪድዮ ሓገዝ ዳንነትን ኣብ ካልኦት ኣርእስቲታትን ዘተኮረ እዩ ነይሩ።

ኣብ መዛዘሚ'ቲ መደብ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር ድሕሪ ምዕዳሉ፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰሙዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ዝያዳ ንምምዕባል፡ ብቕዓት ሞያ ዳንነት ብደረጃ ሃገር ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ዕማም እጃሞም ክጻወቱ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።




## ኣርቴታ ንውሳነ ኣርሰናል ከምዝድግፎ ገሊጹ



ኣሰልጣኒ ኣርሰናል ሚከል ኣርቴታ፡ ክለቡ ኣስታት 60 ዓይነታት ስራሕ ደው ከተብል ዝጸደቖቶ ውሳኔ "እቲ ክንፈጥሮ እንደሊ ዓወት ንምብጋሕ ዝሕግዘና" ክብል ደጊፉ ገሊጹ።

ዋና ኣካያዲ ስራሕ ሪቻርድ ጋርሊክ ኣብዚ ሰሙን፡ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ኣርሰናል ኣብ ብርክት ዝበሉ ክፍልታት ክስደሉ ምዃኑ ንሰራሕተኛታት ሓቢሩ ምንባሩ ዝገለጸ ቢቢሲ ስፖርት፡ ኣርቴታ በዚ ውሳኔ ዝኾነ ተቓውሞ ከም ዘይብሉ ኣተሓሳሲቡ።

እቲ ውሳኔ ካብቶም 871 ቀወምቲ ሰራሕተኛታት ኣርሰናል፡ ንዮም ሸውዓተ ሚእታዊት ክጸልዎም ከምዝኽእል'ኳ እንተተሓበረ፡ ዶኖት ኣካላት ብፍሉይ ከምዝጸሉ ዝወጸ ዝርዝራዊ መብርሂ የለን።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ኣውዳድባ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮን ኣንስትዮን ዝርከቡ ተጻወትቲን ኣሰልጠንቲን ከም ዘይጸልዉ ተፈሊጡ ኣሎ። በዚ መሰረት እቲ ውሳነ ንዮም ካብ ሜዳ ኣርሰናል ወጻኢ ዝኾኑ ኣካላት ኣመልኪቱ ዝወጸ ውሳነ ክኸውን ከምዝኽእል ይግመት።

ኣርቴታ፡ ጋንታኡ ቅድሚ'ቲ ሎሚ ሰንበት ናብ ኖቲንግሃም ተጓዒዛ እተኻይዶ ጸወታ፡ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣርሰናል ዝጸደቖቶ ውሳነ ተሓቲቱ ነይሩ። ንሱ፡ "እዚ ሕቶ ንዓይ ዝምልከት ኣይኮነን፡ ብግልጺ'ውን ነዚ ሕቶ ክምልስ ዝኽእል ትኽክለኛ ሰብ ኣይኮንኩን፡ ኩሉ ሰብ ድማ ነዚ ክኽብሮ ኣለዎ። ብሓፈሻ እቲ ውሳነ ትኽክለኛ ሰብ ኣብ ልክዕ ቦታኡ ብምቕማጥ፡ እዛ ጋንታ ንእህቅና ዘላ ዓወት ንምጭባጥ ዘኽእል መሰረታዊ ነገር ምዃኑ ክፍለጥ ኣለዎ" ብምባል፡ ኣብዚ መዳይ ኣርሰናል ቅኑዕ ውሳነ ከምዝወሰደት ኣረዲኡ።

## መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ፕሪመር ሊግ**

ብራይተን - ፓላስ 4:00 ድ.ቀ

ቦርንማውዝ - ሳንደርላንድ 4:00 ድ.ቀ

ሊድስ - ማን ዩናይትድ 4:00 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ኣርሰናል 6:30 ድ.ቀ

**ላሊጋ**

ማላጋ - ሪያል ሶሲዳድ 7:30 ድ.ቀ

ሪያል ማድሪድ - ሰቪላ 10:00 ድ.ቀ

**ሰሪኣ**

ፊዮረንቲና - ኮሞ 4:00 ድ.ቀ

ሚላን - ኣትላንታ 7:00 ድ.ቀ

ጁቬንቱስ - ላዚዮ 9:45 ድ.ቀ

**ሰኑይ**

ቶተንሃም - ኮቨንትሪ 10:00 ድ.ቀ

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ሲቪል
ፋርማሲ ሚለንዩም
ቤት መሸጣ መድሃኒት ጉት

ዕለት
18/10/2026

ጎደና
ጎደና ናቕፋ ቁ.33፡ ጥቓ እንዳ ኣልፋ
ጎደና ባሕሪ ቀይሕ 191 ቁ.7ዘ 8፡ ማይጭሆት ትሕቲ ማሰቢድ
ጎደና ኣፍዓበት ቁ. 209፡ ፊት ሆስፒታል ዕዳጋ ሓሙስ

ቁ.ስልኪ
120601
07153448
125154

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ
ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services